# መ ዝ ሙ ር ጸ ጋ ኣ ም ላ ኽ ን ም ስ ክ ር ን

## መዝሙር እምነት 129 ጸጋ ናይ ኣምላኽና በረኸት ዝመልአ

1. ጸጋ ናይ ኣምላኽና በረከት ዝመልአ
   ንሽጉር ንጭኑቕ ካብ ሓጥያት ዘውጽአ
   ካብኡ ምስ ትርሕቕ ጭንቀት ይኸበካ፣
   ኣብ ዓለም ትነብር ክትኩብልል በይንኻ።

   ተደጋሚ፦ ኣምላኽይ ኣምላኽይ ዘይርሳዕ ተስፋታቱ፣

   <u>ንጥፍእቲ ነፍሲ ናብ ገነት ዘእቱ(2)።</u>

2. ንሓጥእ ከድሕን ህይወቱ ዘሕለፈ፣
   እስኪ ንጠምቶ ነቲ ደሙ ዘፍሰሰ፣
   ንሕሰብ ንመርምር'ውን ብዛዕባ ህይወትና፣
   ኣብ መስቀል ዝወዓለ መድሓኒ ኣሎና።
   *<u>ተደጋሚ፦</u>*

3. ብናይ ዓለም ፍቕሪ ኣይወሓጥ ሓሳብና፣
   ንመለስ ናብ ኣምላኽ ናብቲ ዝሞተልና፣

ንህይወትና ነድሕን ኣይንርኣያ ሻላ፡
ሓደ ግዜ ከይትተርፍ ብዘይ ኣምላኽ ኮብሊላ።
*ተደጋሚ፡-*

4. ኣምላኸይ ተመስገን ስለቲ ምሕረትካ፡
ናይ ደገ ዘይኮነ ናይ ልቢ ምፍላጥካ፡
ኣባኻ ዘጸግዕ መንፈስ ስደደልና፡
ኣምላኸይ ሓይሊ የልቦን ኣይትፈለየና።
*ተደጋሚ፡-* *ተ.ጎ*

# መዝሙር እምነት 130 ዘገርም ጸጋ ኣምላኸይ

1. ዘገርም ጸጋ ኣምላኸይ ተገሊጹ ስለይ፡
ክቅበል ምሕረት መድሕነይ ግሩም'ዩ ዕድለይ።

ተደጋሚ፡- እፈልጥየ'ቲ ኣማንየይ ከም ዝሓልየለይ፡
ኣብቲ መገደይ እሙን ሓቀኛ ብጻየይ፡
ገጹ ዘይልውጠለይ።

2. ብቓላቱ ምስ ኣመንኩ ተለዊጡ ልበይ፡

ሰላም ክትረክብ ህይወተይ ከመይ'ሉ ኮነለይ።

*ተደጋሚ፡-*

3. መንፈስ ቅዱስ፡ ብለውሃቱ ንሓጥያተይ ይረትዕ፡
ንየሱስ ክርስቶስ የግህድ እምነት'ውን የጽንዕ።

*ተደጋሚ፡-*

4. የሱስ ክርስቶስ ክምለስ'ዩ ክህበኒ ኣኽሊለይ
ተዳልየ ክጸንሕ'የ ክንራኸብ ኣብ ሰማይ።

*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 131 ግሩም ጸጋ

1. ግሩም ጸጋ ጥዑም ድምጺ፡
ከማይ ሓጥእ ዘድሕን፡
ጥፉእ ኔረ ተረኺበ፡
ዕዉር ኔረ ርእየ።

2. ጸግኡ ልበይ ረቲዑ
ካብ ፍርሃት ኣናጊፉ፡
ግሩም ጸጋ ተገሊጹለይ፡
ዝኣመንኩላ ሰዓት።

3. ብብዙሕ ሽግር መጺኤ፡
ኣብዚ ኣብጺሑኒ፡
ግሩም ጸጋ ተገሊጹለይ፡
ገጽ ኣምላኽ ክርኢ።

4. ዓሰርተ ኣሽሓት ዓመታት፡
ከም ጸሓይ ደሚቕና፡
ንኽብሩ ክንዝምር ክንውድስ፡
ንዘልኣለም ክንውድስ፡
ዘልኣለም ክንዝምር።

# መዝሙር እምነት 132 ጸጋ ዝዓዘዞ ዘረባ ክዛረብ

1. ካብ ልበይ ዝውሕዝ ፈልፋሊ ምንጭታት፡
   ኩሉ ኣመቅሮ ከተርክስ ንነፍሳት፡
   ጎይታ ንልሳነይ ብጸጋ ቅብኣያ፡
   ወትሩ ከተበስር ጥዑም ወንጌል ሰላም።

   ተደጋሚ፡- ጸጋ ዝዓዘዞ ዘረባ ክዛረብ፡
   ንልበይ ቀድሶ ልሳነይ ክገትእ።
   ብጨው ተቓመማ ጥዑማት ፊደላት
   ልሳነይ ክትቃኒ ባዕልኻ ደውላ።

2. ደገ ከናፍረይ ክፉእ ከይወጻ፡
   መንፈስ ቅዱስ፡ ሓሉ ብቕዱስ ልጓምካ፡
   ዘረባ ዕሽነት ዘቑስል ሕልና፡
   መታን ከየውጽእ ግታእ ብመንፈስካ።
   ተደጋሚ፡-

3. ዘይጠቅም ዋዛ ዘይሃንጽ ሰማዒ፡

ኩሉ ካባይ ይርሓቕ ንመንፈስካ ዘጉሂ፡
እንትርፈ ምርቓ ብስራት ቃል ወንጌል፡
መንፈሱ ቅዱስ ሓሉ ክፉእ ከየውጽእ።
ተደጋሚ፡-

ዲ.ላ

# መዝሙር እምነት 133 ጸግኡ ንልበይ የርዊ

1. ጸግኡ ንልበይ የርዊ ጽምኣተይ፡
ዓለም ዘይትህቦ ሰላም፡
ማዕበላት ይትንስእ ከጸልምት ንልበይ፡
ዕረፍቲ ረኺባ ህይወተይ።

ተደጋሚ፡- ህይወተይ ትነብር ንዘልኣለም
የሱሰይ ምሳይ'ዩ ንዘልኣለም
ኣይርስዕን ጥሪቱ ድምጹ የድሂ፡
ሃዲኤ ክነብር ንዘልኣለም።

2. ዓለም ብመላኣ ትዘምር ንየሱስ፡

ስለቲ ግሩም ጸጋኡ፡
ፍርሂ ጸልማት ሽግር ሓጥያት ርሒቑለይ፡
ይመስገን ተሓዲሳ ነፍሰይ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ህይወተይ ሓላፊ ስደተኛ ‘ብምድሪ፡
ክስዕብ ኣስኣሰር ናይ የሱስ፡
ክወስደኒ ክምለስ እዩ ካብ  ክብሪ፡
ክሕጎስ ክዝምር እምበሪ።
*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 134 ካብ ሓጥያት ኣውጺኡኒ

1. ካብ ሓጥያት ኣውጺኡኒ ናይ የሱስ ፍቕሪ፡
ዘገርም ጸጋ ኣምላኸይ ተቐቢሉኒ፡
ምሕረት ኣምላኽ ይዓሙቕ ካብቲ ውሽጢ ባሕሪ፡
መዘና የብሉን እዩ ግሩም ሳህሊ።

ተደጋሚ፡- ናይ የሱስ ክርስቶስ ፍቕሪ

ይበልጽ'ዩ ካብ ወርቂ፡

ምሉእ ግደ፡ ሃብቲ ናይ ኣምላኽና ፍቕሪ።

ከቶ ዘይልወጥ ርስቲ።

2. ከም ተራ ሰብ ናብ ምድሪ ንኸድሕን መጸ፡
ስቓይ ናይ መስቀል ጾረ ኩሉ ተዓገሰ።
ምስ ኩሎም ዝደሓኑ ቅዱሳን ዘምሩ
እተደቑሰ ልቢ ብፍቕሪ ጸጊኑ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ዘደንቕ ፍቕሪ ክርስቶስ ስሌና ተቐጺዔ፡
ስቓይ ናይ መስቀል ጾረ ኩሉ ተዓገሰ።
ምስ ኩሎም ዝደሓኑ ቅዱሳን ዘምሩ፡
ኣብ ኣርያም ዘሎ ኩሉ ይወድስ ንኽብሩ።
*ተደጋሚ፡-*

# <u>መዝሙር እምነት 135 “ካብ ዓዘቕቲ ነፍሰይ ኣውጺኡ”</u>

1. ብቑጥዓ ኣምላኽ ልበይ ይሸበር፡ ኣብ ዓዘቕቲ ሓጥያት ነፍሰይ ሰጠመት፡
   ካብቲ መዓሙቕ ጸሌኹ ናብ ኣምላኽ፡
   ጸሎተይ ተሰምዔ ረሓቐ ጸልማተይ።

   <u>ተደጋሚ፡-</u> ካብ ዓዘቕቲ ነፍሰይ ኣውጺኡ፡ ነእጋረይ
   ኣብ ከውሒ ኣቑሙ፡
   ብእልልታ ልበይ መሊኡ፡ ክዝምር እየ
   ሃሌሉያ።

2. መልሐቕ ረኺባ ነፍሰይ ኣብቲ ከውሒ፡
   ስጉምተይ ጸኒዑ ምስኡ እነብር፡
   ከይወድቕ ኣይፈርህን ምሳይ ኢዩ- ኣኽሊል
   ክቕበል እየ ብጸግኡ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

3. መዝሙር ምስጋና የንጀርብብ ንልበይ፡
   ሕያውነቱ ክርአ ኣብ ኩሉ፡
   ድሕነት ብየሱስ ክዝርግሕ ክነግር፡ ሰሚያም
   ክኣምኑ’ሞ ክምለሱ።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

4. ስለ ምሕረቱ ከመስግን ክውድስ፡ መዓልትን
ለይትን ክዝምር ከመስግን፡
ከመስግን እየ ንተበጃወኒ፡ ሓራ ወጺኤ
ብሓጎስ ክነብር።
*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

# <u>መዝሙር እምነት 136 የሱሰይ ካብ ዘድሕነኒ</u>

1. ብየሱስ ኣሚነ ሓድሽ ፍጥረት ኮይነ፡
ሓጥያተይ ምስ ተደምሰሰ፡
ህይወተይ በሪሁ ጸልማት ርሒቑለይ፡
ምስ ኣድሓነኒ የሱሰይ።

<u>ተደጋሚ፡- የሱሰይ ካብ ዘድሕነኒ፡ የሱሰይ</u>

ካብ ዘድሕነኒ፡
ሓጎስ ንልበይ ዘሰራስር፡ ሓይሊ
ሰላም፡ ኣምላኽ የርውየኒ።

2. ኣርሒቕካ ምኹብላል ተባሪርካ ምንባር፡
ሓዲገ ናብ የሱስ እየ፡
ማእለያ ዘይብሉ ኣበሳይ ደምሲሱ
ተቐቢሉኒ'ዩ ባዕሉ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ደበና ውልውል ኣልጊሱ ብኹሉ፡
   ብየሱሰይ ምስ ኣመንኩ፡
   ብተስፋ ጸኒዔ ብእምነት ደልዲለ፡
   ንየሱስ ክስዕቦ ሓርየ።
   *ተደጋሚ፡-*

4. ብርባ ድነ ሞት ክሳገር ነይፈርህ፡
   የብርሃለይ ጸዳል ኣምላኽ
   ጽብቕቲ ከተማ ኣምላኽ ዝሰረታ፡
   ብናፍቖት አማዕድዋ።
   *ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 137 ግሩም ሰላም

1. ናብ የሱስ ምስ መጻእኩ ረኺበ ግሩም ሰላም(2)
   ማዕበል ብቑጥዓኡ 'ንተ መጸ፡ ኣሎኒ ሰላም(2)

ተደጋሚ፡- ሰላም ግሩም ሰላም፡

ሰላም ክቡር ሰላም፥ የሱስ
ካብ ዘድሕና ነፍሰይ ኣሎኒ
ሰላም።

2. ሰላም ከም ዓሚቕ ሰፊሕ ወሓዚ

   ግሩም ሰላም። (2)

   ነፍሰይ ኣዕሪፉ ኣብ ሓጎስ ኣምላኽ፡

   ኣሎኒ ሰላም። (2)

   *ተደጋሚ፡-*

3. ሰላም ከም ቅዱስ ዘይስፈር ህድኣት፡

   ግሩም ሰላም። (2)

   ከም ናይ ወጋሕታ ናይ ሓጎስ ድምጺ፡

   ኣሎኒ ሰላም። (2)

   *ተደጋሚ፡-*

4. ብየሱስ ምረት ሓጥያት ኣልጊሱ

   ግሩም ሰላም። (2)

   ንነፍሰይ ኣድሒኑ ምስ ኣንጽሄ

   ኣሎኒ ሰላም ። (2)

# <u>መዝሙር እምነት 138 ግሩም ዓወት ብየሱስ</u>

1. ናይ ጥንቲ ዛንታ ኣሎ መድሓኒ መጸ ካብ ክብሪ፡
   ህይወቱ ሃበ ኣብ ቀራንዮ መታን ከድሕነኒ።
   ስቅያቱ ሰሚዔ ዘተዓርቕ ደም ፈሰሰ፡
   ካብ ሓጥያተይ ተነሲሔ ሓርነት ረኺበ።

<u>ተደጋሚ፡- ግሩም ዓወት ብየሱስ</u>
<u>መድሓኒየይ</u>

<u>ንወትሩ፡ ሓራ ኣውጺኡኒ ብደሙ በጀዩ</u>
ኣፍቂሩኒ የሱሰይ ህይወተይ እያ ናቱ፡
ናብ ዓወት ኣብጺሑኒ ብዘንጽህ ደሙ።

2. ከም ዝፍወስ ሰሚዔ ሓይሊ ከም ዘሎ ዘንጽህ፡
   ብርኮም ኣጽንዔ ንድኑሳት፡ ንዕዉራት ብርሃን፡
   ተምበርኪኸ ጸሌኹ’ቲ ቅጥቀጥ ልበይ ክጽግን፡
   ኣምላኸይ ጸሎተይ ሰምዔ ጸጋኡ ክረክብ።

<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. ኣብ ሰማይ ማሕደር ኣሎ ዝሃንጾ ባዕሉ ኣምላኽ
   እተለበጠ ጽሩይ ወርቂ ላዕላይ ጎደናታት።

መዝሙር ናይቶም ቅዱሳን ጥንታዊ ዛንታ ናይ ድሕነት፡
ሓቢረ ክዝምር ሽዑ ስለ ግሩም ዓወት።
_ተደጋሚ፡-_

## መዝሙር እምነት 139 የሱስ ኣድሒኑኒ

1. መዝሙር ኣሎኒ ዝፈትዎ፡ ሓርነት ረኺበ፡
   ተበጃውየይ፡ መድሓንየይ፡ ንጉሰይ ኣምላኸይ።

   _ተደጋሚ፡-_ የሱስ ኣድሒኑኒ፡ የሱስ ኣድሒኑኒ፡
   ክውድስ'የ ንስሙ።
   የሱስ ኣድሒኑኒ፡ ሃሌሉያ ክብሪ ንስሙ።

2. ንልቢ ዘቕስን መድሕን ረኺባ ህይወተይ፡
   ጥርጥር ፍርሒ ኣልጊሱ ክብሪ ንመድሕነይ፡፡
   _ተደጋሚ፡-_

3. ካብ ዝድሕን ብሩህ ንጽር ኢዩ ምስክረይ፡
ንዘልኣለም ዝነብረሉ ኣብ ቅድሚ የሱሰይ።
_ተደጋሚ፡-_

4. ቤት ኣሎኒ ኣብ ሰማያት፡ እሰይ ንመድሕነይ፡
ንዘልኣለም ዝነብረሉ ኣብ ቅድሚ የሱሰይ።

ኢ.ሓ

# መዝሙር እምነት 140 ተበጀዩኒ ዘሑጉስ ዛንታ

1. ዘሐጒስ ዛንታ ናይ ክርስቶስ፡ መጸ ካብ
ክብሪ፡ ከድሕን ኩሎም ጥፉኣት፡
ካብ ዓዘቕቲ ሓጥያት ዘገርም'ዩ፡ ፍቕሪ ኣምላኽ
ዘውጽእ ካብ ማእሰርቲ ጸልማት።
ፈቲሑኒ ካብ መቑሕ ሓጥያት።
_ተደጋሚ፡-_ ዘገርም መድሓኒ የሱስ
ክርስቶስ

ሃሌሉያ፡ ካብ ዓዘቕቲ ሓጥያት ዘውጽእ
ሓራ። ከበስር ናይ የሱስ ዛንታ
ዝሞተለይ ኣብ ጎልጎልታ። ንኣምላኽ
ከቕርብ ምስጋና

2. ካብ መዓሙቕ ሓዘን ሓጥያት፡ ናብ ዓቢ
ሓጎስን ደስታን፡ ጎይታ 'ውጺኡኒ ብምሕረት፡
ብዓቕሊ ከይፈለጥክዎ ብደሙ ተበጅዩኒ፡
ፍቕሪ ክርስቶስ'ዩ ዘድሓነኒ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ካብ ሰማይ ዝፋን ናይ ክብሪ፡ ጥዑም ብስራት
ናይ የሱስ ዘድሕን፡ መጸ ካብ ሓጥያት ኩነኔ እልል
ንበል፡ ንሓዋሩ ስዕረት ኣምላኽ ተበሲሩ። ብሞት
ክርስቶስ ዕርቂ መጺኡ።
*ተደጋሚ፡-*

4. ተሓጎሱ እልል በሉ ንኣምላኽ ኣመስግኑ
ክንከውን ምስኡ፡ ደጊም ንሓዋሩ ምስ ኩሎም
ሰራዊት ሰማይ፡ ክንውድስ ዝሞተልና።
ንጉስ ነገስታት ሃሌሉያ።

# <u>መዝሙር እምነት 141 ህያው ኣምላኽ ኣገልግል</u>

1. ህያው ኣምላኽ ኣገልግል ኣብ ዓለም’ውን ኣሎ፡
   ህያው ምኽኑ’ፈልጥ ሰባት ዘሎ’ንተሉ፡
   ምሕረተኛ ኣምላኽ’ዩ ርሕሩሕ’ውን ደሃዩ፡
   ብዘድልየኒ ግዜ ቀረባ’ዩ።

   <u>ተደጋሚ፡-</u> የሱስ ክርስቶስ ህያው’ዩ ዘልኣለም፡
   በታ ቀጣን መንገዲ ተኸድኩ፡ ኣይፍለየንን፡
   ምሳይ ኣሎ ድሕነት ክህበኒ
   ከመይ ትፈልጥ ‘ተልካኒ፡ ኣብ ውሽጢ
   ልበይ ኣሎ።

2. ኣብ ኩሉ ዞርያ ዓለም ሓልዮቱ የርኢ፡
   ልበይ እንተ ደኸመ ተስፋ ኣይቆርጽን፡
   ከም ዝመርሓኒ ይፈልጥ ኣብ ኩሉ ፈተናይ፡
   መዓልቲ ምግላጹ’ውን ቀሪባ’ያ።

   <u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. ተሓጎሱ ክርስትያናት ዓው ኢልኩም ዘምሩ፡

ነባሪ ሃሌሉያ ንየሱስ ንጉስና፡
ኩላቶም ዝደልይዎ ክረኽብዎ እዮም፡
ከምኡ ዘፍቅር የልቦን ሰናይ ኢዩ።
<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

# <u>መዝሙር እምነት 142 መልሀቐይ ጽኑዕ'ዩ</u>

1. ኣብ ናይ ህይወት ዓለም ብርቱዕ ማዕበል ኣሎ፡
   ተስፋይ ብየሱስ ጌረ ቃሉ ከም ዝበሎ፡
   ፈተና እንተመጸ ከም ማዕበል ናይ ባሕሪ፡
   ሕያውነት ኣምላኽይ የድህኣኒ።

<u>ተደጋሚ፡-</u> መልሀቐይ ጽኑዕ'ዩ ብየሱስ መድሕነይ
እኳ እንተለኹ ኣብ ናይ ማዕበል ዓለም
መልሀቐይ ጽኑዕ'ዩ ከቶ ዘይንቐነቕ'ዩ፡
'ቲ ናይ ጥንቲ ከውሒ ጸግዔይ'ዩ።

2. ነፍሰይ ካብ ከፉእ ኣልዩ ይበኒ ሰላሙ፡
   ድምጹ ነቶም ማዕበላት ምስ ገንሖም ጸጥ ይበሉ፡
   መራሕየይ መድሕነይ ኩሉ ይሓልየለይ፡

ኩሉ እዋን ምሳይ’ዩ ኣብ መገደይ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ዓርከይ መድሓኒየይ’ዩ ኣብኡ’ዩ መልህቐይ፡
ሓዘነይ የልግሰለይ እሞ የጽልለኒ።
ብእምነት እጥምቶ ክኔው ማዕበል ባሕሪ፡
ኣብኡ ክሳዕ ዝበጽሕ ኣይዓርፍኒ።
*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 143 ዎ የሱስ ፍቕርኻ ዓቢዩ

1. ዎ የሱስ ፍቕርኻ ዓቢ’ዩ
ክሓስብ ክለኹ ንበይነይ
ኣብ ጌተሰማኒ ኩሎም ገደፉኻ
ንስኻ ግን ምእንታይ ተጨነቕካ

ተደጋሚ፡- እገርመኒ እገርመኒ ምሕረትካ
እዚ ኹሉስ ካበይ ኮነለይ
ንዓኻ ምፍላጠይ ጥራይ ኢዩ ሃብተይ
የሱሰይ መድሕን ናይ ህይወተይ።

2. ኣብ መስቀል ክትጭነቕ ከሎኻ
ሰይጣን’ውን ሰለጦ ንግዚኡ
ደሓር ግን ተሳዕረ ምስ ምሉእ ጭፍራኡ
የሱሰይ ናይ ዓወት ኣምላኸይ
ተደጋሚ፡-

3. ንስኻ ፍቕርኻ ኣርኢኻኒ
ኣነ ግን ስርሐይ ረሲዔ
ተጻወትኩ ዓንደርኩ ቅኑዕ መሲሉኒ
ሕጂ ግን ኣዒንተይ ተኸፍተ
ተደጋሚ፡-

4. የሱሰይ ኣይትፈለየኒ
ነዚን ውሑዳት ዓመታተይ
ንሰይጣን ክስዕሮ ኣብ ኣኽናፍካ ‘ጽሊለ
ደሓር’ውን ክነብር ሃዲአ
ተደጋሚ፡-

## መዝሙር እምነት 144 ብምልኣቱ ኣይተነግረን

1. ኣብ ዓለም ካብ ዘሎ ሓጎስ ንጎይታይ ኣፍቅሮ፡
ሰላሙ ሂቡኒ ኢዩ ማንም ዘይድምስሶ።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ብምልኣቱ ኣይተነግረን፡ እቲ ፍጹም ፍቕሩ፡

ብምልኣቱ ኣይተነገረን'ቲ ዘጽሪ ደሙ።

2. ኣብ ዓለም ካብ ዘሎ ህዝቢ ይበልጽ ፍቕርኻ፡
ካብ ብሉጽ መዝሙር ይጥዕም ዝበኒ ሓሳብካ፡
*ተደጋሚ፡-*

3. ኣብ ልበይ ሓጎስ ኣንቢርካ ናብራህ ሕጉስ እዩ፡
ብዘይ ምስጢር ናይ ፍቕርኻ ሓዘን ጥራይ ኢዩ።
<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

4. ጸብለልታ ሓጎስ ህይወተይ ኣብዚ ብኣኻ ኢዩ፡
ብጋህዲ ምስ ተገለጽካ ከመይ ክኸውን'ዩ።
<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

# መዝሙር እምነት 145 ክስዕቦ'የ

1.ምስ የሱስይ ክነብር'የ ክሳዕ ግዜ ሞተይ፣
ኩሉ ሽግር ናይዛ ዓለም ንሱ ኣርሒቑለይ።
ንየሱሰ ምስ ረኸብኩ ዘድልየኒ ነይብለይ፣
ንህይወተይ ብምዕራፍ ሰላሙ ' ብዚሑለይ።

ተደጋሚ፥-ክስዕቦ'የ ክኸተሎ ፥ነቲ ዝተበጀወኒ፣
ሰሊኡ'ውን እውፊ፥ነዚ ድኽምቲ ነፍሰይ።/2/

2.ካብቲ መስቀል ዝወሓዘ ልበይ ዘንጻሃኒ፣
ካብ ኩሉ ሓጥያት ናይ ዓለም ሓራ ዘውጽኣኒ፣
ካብ ኩሉ ፍሕሶታት ሰይጣን ጸግዒ ዝኾነኒ፣
ደም ናይ ፈቃር መድሓንየይ ኣብ ልበይ ኣሎኒ።
*ተደጋሚ*

3.ኣብቲ መስቀል ናይ ቀራንዩ በይኑ ዝወዓለ፣
ምእንቲ ሓጥያተይ ኩሉ ህይወቱ ዘሕለፈ፣
ንእኡ ምኽታል ጥራይ እዩ ብሉጽ ሃብተይ፣
ክስዕቦ መዲበ'ለኹ ክሳዕ ጊዜ ሞተይ።
*ተደጋሚ*

4.ካብ ኩሉ ጭንቀት ናይ ዓለም ናብ ሰማይ ምስ ከድኩ፡
ክነብረ'የ ምስ መድሕነይ ኣብቲ ብጽእናኡ።
ሸግረይን መከራይን ምስ ኩሉ ጭንቀተይ፡
ሽዑ ክድምሰሶ እዩ ገጹ ምስ ርአኹ።

_ተደጋሚ_

ተ.ኃ

## መዝሙር እምነት 146 እስዕቦ ንየሱስ

1. እስዕቦ ንየሱስ ዕለት ካብ ዕለት፡
ምስኡ'ውን እነብር ኣብ ጽላል ፍቕሩ፡
ነይፈርህ ብጽባሕ ንሎሚ 'ነብር፡
ንኡ እናሰዓብኩ ፍጹም ነይሓፍር።

2. ቀጣን እንተኾነት መገዲ ጽድቂ፡
ይመርሓኒ ባዕሉ ኣርሒቑ ፍርሂ፡
መንፈሰይ ይሕደስ ዕለት ካብ ዕለት፡
የሱስ ይመርሓኒ ንኡ እኸተል።

3. ንኡ 'ናሰዓብኩ እበጽሕ ሰማይ፡

ክበቅዕ'የ ሽዑ ገጹ ንምርኣይ፡
ምስ ኩላቶም ጻድቃን ብኡ ኣመንቲ፡
እውድስ  ንየሱስ እሙን መራሒ።

## መዝሙር እምነት 147. ከምልኾ'የ

1.ሓቀኛ ኣምላኽ ናይ ጥበብ ጎይታ፡
ዝኾነ ይኹን ፍጹም ዘይርታዕ።
ብሰብ ኣእምሮይ ኣይግመትን'ዩ፤
ውርዱን ስፍሓቱን ኣይብጻሕን'ዩ።

ተደጋሚ፡- ከምልኾ'የ ነቲ ዓቢ ጎይታ
ከምልኾ'የ ብፍጽም ዘይርታዕ።
ከምልኾ'የ ነደቕቲ ዝነዓቕዎ፡
ከምልኾ'የ ነቲ ርእሲ መኣዝን።

2.ንፍቕሩ ርእየ ጥዒመ'ለኹ፡
ንኡ ክሰዕቦ መዲበ'ለኹ።
ኣብቲ መከራይ ባዕሉ 'ናመጸ፡
ይማጎተለይ መታን ከይቁጸ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ጉደለተይ ኩሉ እናረኣየ፡
የመልከተለይ እናጎሃየ፡
ብፍቕሩ ኢዩ ዝማረኸኒ፡
ኣብ መሰቀል ሞይቱ ህይወት ሃበኒ።
*ተደጋሚ፡-*

4.ብዘይካ ንሱ ዓርኪ 'ብለይኒ፡
ከምኡ ዘፍቅር ከቶ ' ይርከበኒ።
ናይ ልበይ ሽግር ኩሉ ይፈልጥ፡
ዝኸበደኒ ባዕሉ ይቕንጥጥ።

# መዝሙር እምነት 148 ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽ

1. ኣብ ዓዘቕቲ ናይ ሓጥያት ከለኹ ጥሒለ፡
   ዘውጽኣኒ'ውን ስኢነ ፍጹም ተሓሊለ፡

ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኸይ ግን መጸትለይ፡
ኣልዓለትኒ ካብ ዕምቆት ሓጥያተይ።

ተደጋሚ፡- ኦ! ሓያል ኢድ እምንቲ ብርትዕቲ፡
ዘይትልወጥ ኩሉ ሳዕ ጽንዕቲ፡
ንጽቡቕ ዝኣምንዋ ኩሎም ዝርግሕቲ፡
ኢድ ኣምላኸይ እያ ሕያወይቲ፡

2. ከባብየይ ብኹሉ ተስፋ ምስ ከልኣኒ፡
ሰይጣን ጸላኢ ናይ ነፍሰይ ምስ ተቓለሰኒ፡
ኢድ ኣምላኸይ ግን መጺኣ ሸው ትረድኣኒ፡
ዓወት ኣብ ኩሉ ፈተናይ ትበኒ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ጌና ዝኸዶ መገዲ ኣሎኒ ኣብ ቅድመይ፡
ከይደ እውን ዘይውድኦ እንተኾንኩ በይነይ፡
ግና ወርትግ ኣላ ምሳይ ሓያል ኢድ ኣምላኸይ፡
ደጊፉ እተብጽሓኒ ናብ ቤተይ።
*ተደጋሚ፡-*

ሚ.ሏ

# መዝሙር እምነት 149 ብየሱስ ክርስቶስ ክነብር

1. ብየሱስ ክርስቶስ ክነብር ሓርየ፡
   ብቕኑዕ ትብዓት ከገልግሎ'የ፡
   ብፍታው ልበይ ሕጉስ መንፈሰይ፡
   ምብሳር ወንጌል ኢዩ ሞጎሰይ።

<u>ተደጋሚ</u>

የሱስ ፈቃር መድሓኒ ንጉስ ናይ ህይወተይ
መታን ከተድሕነኒ በጃ ሓሊፍካለይ
ካልእ ጎይታ ነይብለይ ዝፋንካ'ዩ ልበይ
ንብረተይ ኩሉ የሱሰይ ብኣኻ ክብረተይ።

2. ብጾር ሓጥያተይ ኩሉ ሕፍረተይ፡
   በጃይ ዝሞተ ተቐጽዔ ስለይ፡
   ድምጹ ሰሚዔ መስቀል ኣልዒለ፡
   ዘገርም ፍቕሪ ክስዕቦ ሓርየ።
   <u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. ኣብ ቤት፡ ኣብ ደገ፡ ጽምው በረኻ፡

ቅዱስ ስም የሱስ ከበስር ፈትየ፡
ስቓይ መከራ ሞት እንተመጸ፡
መስቀል ናይ ክርስቶስ ከልዕሎ ሓርየ።

*ተደጋሚ፦*

4. ሓጺር ዕድመይ ከገልገል ኣምላኺይ፡
ፍሕሽውታ ገጹ ክቡር መዝገበይ፡
ጥፉኣት ክምለሱ ናብ ድሕነት፡
ከበስሮም ብክርስቶስ ሓርነት።

*ተደጋሚ*

## መዝሙር እምነት 150 ብየሱስ ምእማን ጥዑም'ዩ

1. ብየሱስ ምእማን ጥዑም'ዩ ክትወስዶ ከም ቃላቱ፡

ኣብ ተስፋኡ'ውን ክትሃድእ ፍቓዱ'ውን ክትፈልጥ።

ተደጋሚ

የሱስ፡ የሱስ፡ ኣሚነዮ፡ ደጊም ፈቲነዮ፡

የሱስ፡ የሱስ፡ ክቡር የሱስ፡ እውከል ኣብ ጸግኡ

2. ከመይ ጥዑም'ዩ ክትኣምን፡ ብዘጽሪ ደም ናይ የሱስ፡

ብቐሊል እምነት ትሓዊ፡ ኣብ ዘጽሪ ወሓዚ።

*ተደጋሚ፡-*

3. እወ ጥዑም'ዩ ብየሱስ ካብ ሓጥያት ከተቋርጽ፡

ህይወት ብኅይታ ትረክብ፡ ሰላም ዕረፍቲ ሓኅስ።

*ተደጋሚ፡-*

4. ሕጉስ'የ ክቡር የሱሰይ መድሕነይ እሙን ዓርከይ፡

ምሳይ ኣሎኻ እፈልጥ ምሳይ ክሳዕ ስንብታይ።

*ተደጋሚ፡-*

*ብ.ካ.*

# መዝሙር እምነት 151 መድሓኒ'ሎኒ

1. መድሓኒ'ሎኒ ኣይኮንኩን በይነይ፡
   ፈታዊ'ሎኒ ዝብለኒ ናተይ፡
   እሙን ዓሳ ከውሒ ምድሓነይ፡
   ዕምባባ ሳሮን ፈቃር የሱሰይ።

ተደጋሚ፡- መድሓኒ'ሎኒ ኣይኮንኩን በይነይ፡
ርእሲ መኣዝን የሱስ ንጉሰይ፡
እዚ'ዩ መዝሙረይ ኣብ መገሻይ፡
መድሓኒ'ሎኒ ኣይኮንኩን በይነይ።

2. ጉዕዞይ ነዊሕ'ዩ ጸልማት'ውን ኣሎ፡
   ፈተና ሽግር ንልበይ ዝኸብዶ፡
   ሓይሊ ጸልማት መገደይ ይዓግቶ፡
   ግንከ ምስ ጎይታይ ንኹሉ' ስዕሮ።
   ተደጋሚ፡-

3. ኩሉ ዕለታተይ ምስ ኣብጻሕኩ፡

ብዓወት ርባ ሞት ምስ ሰገርኩ፡
ካብ ኢድ የሱስ እቕበል ኣኽሊለይ፡
ወርትግ እነብር ምስ ፍቁረይ።

*ተደጋሚ፦*

ሺ.ገ

## መዝሙር እምነት 152 እግዚኣብሄር ጓሳይየይ ኢዩ

1. እግዚኣብሄር ጓሳይየይ እዩ ገለ ነይጎድለኒ፡
ዓለምን ምልኣታን ኩሉ ብልግሱ ይበኒ።

2.እግዚኣብሄር ብርሃነይ እዩ ጸልማት ነይከበኒ፡
ካብ ጸልማት ዓለም ዕንቅፋት ንሱ ይመርሓኒ።

3.እግዚኣብሄር ምርኩሰይ እዩ ንሱ ይጾረኒ፡
ደገፉ ንነፍሰይ ኮይኑ የጸናንዓኒ።

4.እግዚኣብሄር ፈታውየይ እዩ ንሱ የልዕለኒ፡
ዘይወድቕ ዘይጋገ ምኽሩ ኣፍቂሩ ይበኒ።

5.ተመስገን ዎ ፈታውየይ ብርሃነይ ዳሳይየይ፡
ሓለፋኻስ ኣታ እሙን ነየደልያ ነፍሰይ።

## <u>መዝሙር እምነት 153 ዓወት ናትናዩ</u>

1.ብጥፋኣት ክኸይድ ሰይጣን ምስ መርሓኒ፡
የሱስይ ጸግዔይ ግን ካብኡ መለሰኒ፡፡
የሱስ መሊኡኒ ብቕዱስ መንፈሱ፡
ሰይጣን ሓይሉ ጠፍአ ፍጹም ተደምሲሱ።

<u>ተደጋሚ፡-ዓወት ናትናዩ(3)ብደም የሱስ።</u>
<u>(2)</u>

2.ድኹም ከም ዝኾንኩ ዎ ጎይታይ ‘ፈልጥ’የ፡

ብዘይ ምቁራጽ’ውን ጸጋኻ እደሊ’የ፣
ናይ ልበይ ሓሳብን ኣዘራርባይን፣
ናባኻ ስሓቦ ጎይታይን ኣምላኸይን።

*ተደጋሚ*

3.ብቐጣን መገዲ እጉዓዝ ኣለኹ፣
ናብ ሓዳስ ሃገርና እናኣማዕደኹ፣
እናፍቕ ኣለኹ ኣብ ኣርያም ክነብር፣
ምስቶም ቅዱሳን ንጎይታ ክዝምር፣፤

*ተደጋሚ*

4.ብደሙ ገዚኡ መንፈሱ ሃበና፣
ዝሃቦ ተስፋታት ይፍጽም የሱስና።
ንሓጺር ግዜ’ዩ ናይ ሰይጣን ፈተና፣
ሰዓሪ የሱስ’ዩ መራሒ ውግእና።

<u>ተደጋሚ</u>

## <u>መዝሙር እምነት 154 ሓጋዚ ድኹማት</u>

1. ብሓጥያት ዓለም ተታሊለ ብኽፍኣታ፣
   እነብር ነበርኩ ‘ብ ጸልማት ብዘይ ተስፋ፣

ንመስፍን ሰላም ብምግዳፍ ንድሕሪተይ፡
ይኹብልል ነበርኩ ‘ብ ዓለም ንብሕተይ።

*ተደጋሚ፡-* ሓጋዚ ድኹማት ኣብ ግዜ
ጸበባ
መን ኣሎ ኣብ ዓለም ጎይታ
ብጀካኻ።

2. ለዋህ ኣቦይ ግን ጠመተ ናብ ሕስራነይ፡
ኢዱ ዘርጊሑ ‘ውጽኡኒ ካብ ሓጥያተይ፡
ንመስቀሉ ተሰኪመ ክመላለስ፡
ክምድብ ኣበርዓኒ ቅዱስ መንፈስ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ኣምላኸይ መጸግዕየይ እሙን ጎይታይ፡
ካባኻ ዝፈልያ መን’ዩ ንህይወተይ፡
ተመስገን ኣምላኸይ ትኽበር መንግስትኻ፡
መን ኣሎ ርሕሩሕ መራሒ ብዘይካኻ።
*ተደጋሚ፡-*

# <u>መዝሙር እምነት 155 ኣምላኽ ምሳና እንተዘይነብር</u>

1.ይርኤ ጸላኢ ከቢቡ'ብ ዙርያና፣
 ካብ ኩሉ ይብርትዕ ሓይሊ ናይ ኣምላኽና።
 መለኽት ንፍሕዎ ጽለኢ ክዓውር፣
 ብእምነት ደው ንበል የሱስ'ዩ ዝስዕር።

ተደጋሚ፡- ኣምላኽ ምሳና 'እንተዘይነብር 'ንተዘይዋገኣልና፣
ሓይሊ ጸላኢና በርቲዑ ካብ ምድሪ መጥፋኣና፡፡
ስለዚ፡ስለዚ፡ እግዚኣብሄር ይመስገን፣
ስለ ኹሉ ነገር።

2.ብብዙሕ ብሒደት ዝከኣሎ ምድሓን፣
 ንሱ ምሳና'ዩ ዝደፍረና የልቦን።
 ብኹሉ መሪሑ ኣብጺሑና ኣብዚ፣
 ፍሬና ክርኤ ይደልያና ሕጂ።

*ተደጋሚ፡-*

3.ሃገር ኣላትና ነባሪት ከተማ፣
ብኸያት ሓዘን ጓሂ እህህታ ዘይብላ።
ንጋደል ኣሎና ክሳዕ እንኣትዋ፣
ኣምላኽ ይረድኣና ኣብ ጊዜ ድኻምና።
*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 156 ቆላሕ እንተበልኩ

1. ቆላሕ እንተበልኩ ዘደንቕ ፍጥረትካ፣
የውርየለይ ኢሉ ዓቢ'ዩ ኣምላኽካ።
ሰራዊት ናይ ሰማይ ሰራዊት ናይ ምድሪ፣
ወርትግ የበስሩ ከም ዝኾንካ ዓቢ።

2. ቆላሕ እንተበልኩ ናብ መስቀል ቀራንዮ፣
ፍቕሪ ኣብኡ ምልክት ንሰብ ዝሃብካዮ።

ተዓዚመ በዚ ናብ መስቀል እቐርብ፡
ህይወት ምስ ተረፉ ካባኻ እረክብ።

3.ቆላሕ እንተበልኩ ናብ ቀስተ ደመና፡
እዝክር ብሓጎስ እሙን ከም ዝኾንካ፡
ኣሽሓት ዓመታት እንሆ ሓሊፉ፡
ዘይጠልም ዘይርስዕ ኣምላኽይ እሙንዩ።

ደ.ሉ

## <u>መዝሙር እምነት 157 ፍቕሪ ኣምላኽ</u>

1. ፍቕሪ ኣምላኽ ዓቢ እዩ መልሓስን ብርዕን
   ካብ ዝብሎ፡
   ንዝለዓለ ልዕሊኡ ንዝተሓተ ትሕቲኡ።
   ርእሱ ንዘትሕት ሓጢያተኛ ሓጥያቱ ደምሲሱ።
   ኣጽርዩ መታን ክመልሶ ንወዱ ለኣኾ።

*ተደጋሚ፡-* ኣየ ፍቕሪ፡ ጽሩይ ፍቕሪ፡
ጽኑዕ

ዘይውዳእ ፍቕሪ፡
ንዘልኣለም ክነብር'ዩ ኢሎም
ጻድቃን

ዘመሩ።

2. ግዜታትና ምስ ሓለፈ ዝፋናትና ምስ ፈረሰ፡
   ንኣምላኾም ዝኣበዩ ሽዑ ናብ ኣኽራን ከእውዩ።
   ብጸጋን ሓቅን ብፍቕርን የሱስ ክግለጽ'ዩ።
   ብሉ ዝደሓኑ ደቁ እናዘመሩሉ።
   
   *ተደጋሚ፡-*

3. ባሕሪ ቀለም እንተኾነ ሰማያት ከኣ ወረቐት፡
   ኩሎም ሰባት ድማ ጸሓፍቲ ንፍቕሪ ኣምላኽ
   ክጽሕፉ፡ እቲ ባሕሪ ምነጸፈ ሰባት'ውን ምደኸሙ
   'ቲ ወረቐት ምጸበበ፡
   ሰማያት'ውን 'ንተኾነ።
   
   *ተደጋሚ፡-*

# መዝሙር እምነት 158 ኣይፈልጥን ናይ ዝመጽእ

1. ኣይፈልጥን ናይ ዝመጽእ፡
   ዘጉሂ ኮነ ዘሐጉስ፡
   ግን ኣርጊጸ እፈልጥ፡
   የሱሰይ ከም ዝመርሐ።

2. ዘበናት ምስ ኲነታት፡
   እኳ'ንተ ተለወጠ፡
   ግን ኣርጊጸ እፈልጥ፡
   የሱሰይ ከም ዘይልወጥ።

3. ጥዋፈይ 'ንተ ተኸኸ፡
   የብርሆ እናፍቀረ፡
   ከልካሊ'ውን 'ንተ መጸ፡
   የፈጽም ዘጀመረ።

## <u>መዝሙር እምነት 159 ኣብ ጸበባ መዕቆቢና</u>

1. ጽኑዕ ከውሒ የሱስና'ዩ፡
   ኣብ ጸበባ መዕቆቢና፡
   ኣብ ሽጋርና ዘህድኣና፡
   ኣብ ጸበባ መዕቆቢና።

*ተደጋሚ፡-* የሱስ መድሓኒና ጽኑዕ ከውልና፡
ኣብ ጸበባ መዕቆቢና።
'ቲ ጥንታዊ ከውሒ የሱስ መድሓኒ፡
ኣብ ጸበባ ጽኑዕ ከውሒ።

2. ዕርድና ኣምላኽ ጽላልና፡
   ኣብ ጸበባ መዕቆቢና፡
   ኣየርዕዱን ጸላእትና፡
   ኣብ ጸበባ መዕቆቢና።

*ተደጋሚ፡-*

3. እንተ ሓየለ ቅልስና፡
ኣብ ጸበባ መዕቆቢና፡
ኣይንሃድምን ካብ የሱስና፡
ኣብ ጸበባ መዕቆቢና።
*ተደጋሚ፡-*

4. ቀርኒ ምድሓን ጽኑዕ ዋልታ፡
ኣብ ጸበባ መዕቆቢና፡
ፍጡን ረድኤት ኩነና፡
ኣብ ጸበባ መዕቆቢና።

## መዝሙር እምነት 160 ኣምላኽ ንክርስትያን መዕቆቢ'ዩ

1. ኣምላኽ ንክርስትያን መዕቆቢ'ዩ፡
ብጸበባ ፍጡን ረዳኢ፡
ምድሪ'ውን እንተ ተገልበጠት፡
ንሕናስ ኣይንፈርህን ኢና።

ተደጋሚ

ሃሌሉያ (2) ስለቲ ብርቱዕ
ሓይሉ፡

ንኣምላኽ ኣመስግኑ።

2. እታ እምንቲ ማሕበሩ፡
   ኣይክትናወጽን እያ፡
   ክወግሕ ከሎ ክረድእ እዩ፡
   ኣምላኽ ያእቆብ እምባና እዩ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ንውግእ ክሳዕ ወሰን ምድሪ፡
   መወዳእታ ይገብረሉ፡
   ህድእ በሉ ኣስተብህሉ፡
   ኣምላኽና ሓያል እዩ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

ከ.ጸ

# <u>መዝሙር እምነት 161 ኣምላኽ ምሳና’ዩ መን ይቃወመና</u>

1. ኣምላኽ ምሳና’ዩ መን ይቃወመና?
   ንወዱ ብፍቕሩ ዝሃበና።
   ንሕሩያቱ መን’ዩ ዝኸሰና?
   በቲ ዘፍቀረና ንስዕር ኢና።

2. መን’ዩ ዝፈልየና ካብ ናይ የሱስ ፍቕሪ?
   ጭንቀት ፍርሂዶ ወይስ ሰይፊ፡
   ሞት ኮነ ገዛእቲ ወይስ መላእኽቲ፡
   ብስሙ ደኣ ንስዕር እምበሪ።

3. ኣርጊጽና ንፈልጥ ዝስዕረና የልቦን፡
   ዘይሰዓር መራሒ ምሳና ኣሎ።
   ሰልፍና ጻዕርና ብስሙ ንገብሮ፡
   ብዓወት ንሓይሊ ሞት’ውን ንስዕሮ።

## <u>መዝሙር እምነት 162 የሱስ ኣይወደቐንን</u>

1.ክጎዓዝ ብሓርፋፍ ጸቢብ መገዲ፡
ክሓልፍ ብድቕድቕ ጸልማት ናይ ለይቲ፡
ጸላኢ ንነፍሰይ ምስ ኣድበየላ፡
የሱስ ኣይወደቐንን።

ተደጋሚ፡-ኣውዲቑኒ 'ይፈልጥን(2)
ጥዒመዮ'የ ቃሉ 'ይልወጥን።
የሱስ ኣይውድቐንን።

2.ብጸልማት፡ብብርሃን፡ብዋዒ ቑሪ፡
ጎነብኡ ይኸይድ ናብ ዝመርሓኒ።
ኣብ ውግኤይ ኩሉ የዔወተኒ፡
የሱስ ኣይወደቐንን።
<u>ተደጋሚ</u>

3. ነይፈርህ ብጽባሕ ላይጭነቕን፡
ጎይታ የሱስ ህያው'ዩ ኣይልወጥን፡
ንእኡ ዝኣመኑ ኣይወደቑን፡

ኣነ'ውን ኣይወደቕን።

<u>ተደጋሚ</u>

4.ናይ ምድሪ መገሻይ ክሳዕ ዝፍጸም፡
ኣጽዋረይ ናይ ውግእ ክሳዕ ዘንብር፡
ኣብ ማሕበር ቅዱሳን ክሳዕ ዝሓብር፡
የሱስ ኣይወደቐንን።

<u>ተደጋሚ</u>

ደ.ሉ

## <u>መዝሙር እምነት 163 ኣይሓድገንን ኢዩ</u>

1. ጻዕሪ ናይ ሞት ምስ ሓዘኒ
ንየሱስ ጸዋዕኩ
የሱስ መጺኡ ‘ድሒኑኒ
ሽዑ ተዓወትኩ

<u>ተደጋሚ</u>፡- <u>ኣይሓድገንን ኢዩ(2)</u> ኣብ ኢዱ ክሳዕ ዝዓርፍ ኣይሓድገንን ኢዩ

2. ከምቲ ናይ ያእቆብ ብጥንቲ
ኣነ'ውን እቃለስ
ብተስፋ በርቲዐ ከምኡ

ኣብ ቃሉ እጸንዕ

ተደጋሚ፡-

3. ሰይጣን ይብል ጎይታ’ የልቦን

ጸሎትካ ይምለስን

ክብሪ ንየሱሰይ ይኹን

ተስፋኡ ይፍጽም

ተደጋሚ፡-

## መዝሙር እምነት 164 ሎም ኣየሕፈረንን

1. ምስ ሓጥያተይ ምስ መጻእኩ፡ ሽዑ ‘የሕፈረንን፡
   ንሓጥያተይ ይቕረ ኢሉ ብሓጎስ መልኣኒ፡
   ካልኣይ ግዜ መጻእኩዎ ጽኑይ ልቢ ክህበኒ፡
   ሽዑ ጽምኣተይ ዘዝሓለ ሎም ኣየሕፈረንን።

ተደጋሚ

ሓጥያተይ ይቕረ ዝበለ፡ ንብዓተይ ዝደረዘ

ኣይልወጥን ኩሉ ግዜ፡ ሎም ኣየሕፈረንን።

2. ‘ቲ ፈታኒ ከውድቐኒ ሽዑ ‘የሕፈረንን፡
ብኢዱ ደጊፉ ደኣ ኣተባብዓኒ።
‘ቲ ጸላኢ ንጥፍኣተይ ኣይሸበርን ‘ንተ ነደረ፡
ዕዉት እየ ምስ የሱሰይ ሎም ኣየሕፈረንን።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

3. ኣብ ድኻመይ ኣብ ስቓየይ ከቶ ‘የሕፈረንን፡
ዘድህበለይ ምስ ሰኣንኩ መጸ ንምርድኣይ፡
ይእመኖ ንጻግኡ፡ ዝመርሓኒ ናብታ ቤቱ፡
ይብለኒ’ና ጠምትከዎ፡ ከቶ’የሕፍረካን።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

# መዝሙር እምነት 165 ማዕበል ኣሎ ኣይትፍራህ

1.ኣምላኽ ንኖህ ኣፍልጦ መርከቡ ክሰርሕ፡
ፈሊጡ ነይሩ ኀይታ ብርሃን ከም ዘይብላ፡
ይብል ኣምላኽ ብላዕሊ ግበሮ ምስኮታ፡
ሽዑ ምስ ጸልመተካ ኣሎኹ ምሳኻ።

ተደጋሚ፡- ማዕበል ኣሎ ኣይትፍራህ ኣሎኹ ምሳኻ፡
በቲ ላዕላይ መስኮታ ክትርእየኒ ኢኻ።

2.ስቓይ ንኣካላትካ እንተ ኣላደየ፡
መዋቲ ስጋኻውን በሰላ 'ንተ መልአ፡
ኣይትጆጁ ኣጆኻ ኣልዕል ኣዒንትኻ፡
በቲ ላዕላይ መስኮታ ክትርእየኒ ኢኻ።

*ተደጋሚ፡-*

3.ኣባይቲ ርስትኻ ወርቂ ምስ ሃብትኻ
ኩሉ ምስ ዝጠፍኣካ ድኺኻ ነዲኻ፡
ሰላም ጽንዓት ናትካ'ዩ ቃንዛ ይሓድገካ፡
ምስ 'ትጥምት ናብ ላዕሊ ኣሎኹ ኣጆኻ።

*ተደጋሚ:-*

4.ሞት ሓያል'ያ ብሓቂ ተዘኺትም ወላዲ፡
ሓጎስ ደስታ የልግስ ምስ ዝሳገር ናብቲ
እተፍቅሮ ምስ ሞተ ልቢ ምስ ሓዘነ፡
ምስ'ትጥምት ናብ ላዕሊ ኣነ ምሳኻ'የ።

*ተደጋሚ:-* ኣ.ሓ

# መዝሙር እምነት 166 መገድኻ ንእግዚኣብሔር ኣማዕቁቦ

1.ትበልዖን፡ እትኸደኖን ክጨንቀካ፡
ኣብ የሱስ ሕጉስ ወሃቢ፡ ኣማዕቁብ መገድኻ።

ተደጋሚ፡-መገድኻ ንእግዚኣብሔር ኣማዕቁቦ
ኣብኡ ዝምዕቆቡ ዘበሉ ኩሎም
ብጹኣን'ዮም

2.ብሕማም ስቓይ ናይ ስጋ 'ተማስንካ፡
ኣብ የሱስ ደንጋጽ ፈዋሲ ፡ ኣማዕቁብ መገድኻ።

*ተደጋሚ:-*

3.ረሲኣን እንተዳዘሙ ንምውሓጥካ፡
  ኣብ የሱስ ዓወት ወሃቢ፡ኣማዕቊብ መገድኻ።
    *ተደጋሚ:-*

4.ዘሸግር ከቢድ ፈተና 'ንተ መጸካ፡
  ኣብ የሱስ መፍትሒ ኩሉ ኣማዕቊብ መገድኻ።
    *ተደጋሚ:-*

ከ.ጸ

## መዝሙር እምነት 167 ኣብ ዓለም እንከለኹም ጸበባ ኣለኩም

1. ኣብ ዓለም እንከለኹም ጸበባ ኣለኩም፡
  ኢሉ ተዛሪቡ'ዩ ጎይታ'ቲ መድሕንኩም፡
 ስለ ስም ጎይታና የሱስ እንተ ተነዓቕኩም፡

ምልክትኩም እዩ እሞ ብጸበባ ደስ ይበልኩም (2)።

2. ናይ መንፈስ ሰይፊ ሓዞ ዕሽሽ ኣይትበሉ፡
ናይ እምነት ዋልታ ሓዞ ቁሙ ብወንጌሉ፡
ድርዒ ጽድቂ ተኸዲንኩም ሓቂ ተዓጢቕኩም፡
ኩሉ ሳዕ ብመንፈስ ጸልዩ እናተጸመምኩም (2)።

3.ክትድሕኑ ጥራይ ኣይኮነን ጸጋ ዝሃበኩም፡
ኣብ ዓለም ከለኹም ጸበባ ኣለኩም፡
ስለዚ ጸሎት ኣዘውትሩ ኩሉ ሳዕ ነቒሕኩም፡
እቲ ክፉእ ጸላኢኹም መታን ከይስዕረኩም (2)።

4.ቃል ኣምላኽ ይብለና'ዩ ኣብ ዓለም ከለኹም፡
ብሓዊ ናይ መከራ ክፍተኑ ኢኹም፡
ግን ኣጆኹም ኣይትፍርሁ የሱስኩም ኣለኩም፡
ንዓለም ስዒርዋ'ዩ ብጎይታ ደስ ይበልኩም (2)።

## <u>መዝሙር እምነት 168 ክረድኣካ'ዩ መድሕንካ</u>

1. ምስ ትሕጎስ ምስ ትባረኽ ብርሃን ምስ ዝደምቀልካ፡
ዝጸቅጥ ደበና ይመጽእ ይመስል ዝጸልመተካ፡
ብለይቲ እንተ ነባዕካ ጓሂ ‘ንተ ጸቐጠካ፡
ብርግጽ ትሕጎስ ጽባሕ ክረድኣካ’ዩ መድሕንካ።

<u>ተደጋሚ፡-</u> ክረድኣካ ኣብ ኩሉ ፈተና፡
ዘይሕለል እሙን ጎይታ’ሎካ፡
እመኖ ነቲ ተስፋታቱ፡
ክመርሓካ ብመገዱ።

2. ዘይሰምዓካ ይመስለካ ምስ ዘይምለስ ጸሎትካ፡
ሽዑ ምጽባይ ተመሃር ምስ ዘይዛረበካ፡
ልብኻ ትብዓት ይመሃር ተስፋታቱ ሓቂ’ዩ
ንእምነትካ ክኸሕሶ’ዩ ክረድኣካ’ዩ መድሕንካ።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

3.ጸበባ ምስ በርትዓካ ከም እዮብ ከምዚ ትብል፡
ብፈተና ምስ ሓለፍኩ ከም ወርቂ የጽርየኒ፡
ትብዓት ለምን ኣብ ጓሂኻ ተስፋ ‘ይትቍረጽ፡
ኣይትንባዕ፡ ጥራይ ናብ ቅድሜኻ ጠምት ክረድኣካ’ዩ
መድሕንካ።
<u>ተደጋሚ፡-</u>

4.ፈተና’ውን ተመጺካ ፈጺምካ ኣይትዛባዕ፡
ናይ ዓለም ተድላ ‘ንተ ጠፍኤ ኣኽሊል ክብሪ ኣሎካ፡
ፈተና ምስ ተጨረሸ እሙን ንኡ ‘ንተኾንካ፡
ደገ ሰማይ ይኸፍተልካ ክረድኣካ’ዩ መድሕንካ።

*ተደጋሚ፡-*

## <u>መዝሙር እምነት 169 ጾርካ ንየሱስ ሂብካ ግደፎ</u>

1.ዓለም ወርቃን ብሩራን ካባኻ ምስ ‘ትወስድ፡
ብጥሙይ ከብድኻ’ውን ምስ ትኸይድ፡
ድልየትካ ክምልእ’ዩ ናብ ላዕሊ ጥራይ ጠምት፡
ጾርካ ንየሱስ ሂብካ ግደፎ።

ተደጋሚ፡- ናብ የሱስ ግደፎ፡
ጾርካ ንየሱስ ሂብካ ግደፎ፡
እምነትካ ምስ ‘ተበርተዕ ይመርሓካ ብርግጽ፡
ጾርካ ንየሱስ ሂብካ ግደፎ።

2.ቃንዛኻ ምስ ዝብርትዕ ጥዕናኻ ምስ ዘይምለስ፡
ነፍስኻ’ውን ተስፋኣ ምስ ትቐብጽ፡

የሱስ ቃንዛኻ ይፈልጥ የሕዊ የተንስእ'ውን፡
ጾርካ ንየሱስ ሂብካ ግደፎ።
ተደጋሚ

3.ጉብዝናኻ ምስ ጠፍአ እርጋን'ውን ምስ ኣርከበ
ኣካላትካ'ውን ኣዝዩ ምስ ደኸመ፡
ሽዑ'ውን ኣይገደፈካን ክሳብ ሞት ምሳኻ'ዩ
ጾርካ ንየሱስ ሂብካ ግደፎ።

ከ.ጸ

## <u>መዝሙር እምነት 170 ኣምላኽ ኣይተስፈወን</u>

1.ኣምላኽ ኣይተስፈወን ሰማይ ብዘይ ደመና፡
ዕምባባ ዝመልአ ኩሉ መገድና፡
ኣምላኽ ኣይትስፈወን ጸሓይ ብዘይ ዝናም፡
ሓጎስ ብዘይ ጓሂ ሰላም ብዘይ ቃንዛ፡፡

ተደጋሚ፡-ግን'ከ ኣተስፍዩ ሓይሊ
ንድኻምና፡

ዕረፍቲ ንጻዕርና፡ጺጋ ንፈተና፡
ረድኤት ካብ ላዕሊ፡
ዘይፈለ ድንጋጸ፡ዘይቋርጽ ፍቕሪ።

2. ኣምላኽ ኣይተስፈወን የብልኩምን ኢሉ፡
ጻዕሪ ሽግር ሓዘን ጸበባ ኹሉ።
ኣምላኽ ኣይበለናን ከቶ ጾር ኣይትጾሩን፡
ሓልዮት የብልኩምን ትነብሩ ብኸምኡ።
*ተደጋሚ*

3.ኣምላኽ ኣይተስፈወን ዓወት ብዘይ ቃልሲ፡
ዕንቅፋት ዘይብሉ ሰጥ ዘለ መገዲ።
ኣምላኽ ኣይበለናን የልቦን ተገድሎ፡
ብስሙ ኣሚንና ውግእ እንገብሮ።
*ተደጋሚ*

*ደ.ሓ*

## <u>መዝሙር እምነት 171 በርትዒ ነፍሰይ</u>

1. በርትዒ ነፍሰይ መገሻና ይቕጽል፡
ለይቲ'ንተ ጸልመት ኣይክነውሕን'ዩ፡
ክብሪ ንኣምላኽ ብርሃንና ይወጽእ
ማዕበል'ውን ሓላፊ እዩ ሃሌሉያ።

ተደጋሚ፡- ሃሌሉያ፡ ሃሌሉያ፡
ማዕበል'ውን ሓላፊ ኢዩ፡ ሃሌሉያ።

2. ማዕበል ይብርትዕ ምድሪ'ውን ተንቀጥቅጥ፡
በርቂ ይበርቕ ፈተና ይኸብድ፡
የሱስ ሓለፎ ንኹሉ ጸጥ ከብል፡
ማዕበል'ውን ሓላፊ ኢዩ ሃሌሉያ።
ተደጋሚ፡-

3. ብርሃን ይኽወል ጽልግልግ ይመስል፡
ነፍሰይ ትፈርህ ማዕበላት ይግንፍል፡
ጎይታ ይጽውዕ ኣይትፍራህ ይብለኒ፡
ማዕበል ቀልጢፉ ይሓልፍ ሃሌሉያ፡
ተደጋሚ፡-

4. ኣብ ብሩህ ወደብ ቀልጢፍና ንበጽሕ፡
ነጻ ካብ ማዕበል ዘልኣለም ነዕርፍ፡
ኣብኡ ንምዕቆብ ካብዚ ማዕበል ዓለም፡
ኩሉ ማዕበል ክውዳእ'ዩ ሃሌሉያ።

ተደጋሚ፦

ኣ.ጎ.

# <u>መዝሙር እምነት 172 ማሕበር ኣምላኽ ኣይንሰምብድ</u>

1. ማሕበር ኣምላኽ ኣይንሰምብድ፡
   ብዝርጉሕ ኢድ ይመርሓና፡
   ዘይልወጥ ዘይሰዓር ህያው'ዩ ኣምላኽና፡
   ብእኡ ክንዕወት ኢና።

ተመስገን ዎ ኣቦ እሙን መራሒና
ምሳኻስ ዕዉታት ኢና።

2. ማሕበር ኣምላኽ ኣይንሰምብድ፡
   ገንሸል ኣምላኽ'ዩ ምሳና፡
   ዘይነጽፍ ፈልፋሊ ዝሃቦ ንዓና፡
   እዩ ክርስቶስ ርእስና።

ተመስገን ዎ የሱስ፡ ህይወትና፡ርስትና
ምሳኻስ ዕዉታት ኢና።

3. ማሕበር ኣምላኽ ኣይንሰምብድ፡
   መንፈስ ቅዱስ'ዩ ምሳና፡
   ሓይሊ ዘልብሰና ዘበርትዕ ድኻምና፡

ስዕረት ዓወት ዝህበና።

ብሩኽ መንፈስ ቅዱስ፡ መጸናንዒና፡

ምሳኻስ ዕዉታት ኢና።

4. ስሉስ ኣምላኽ ኲን ምሳና፡

ብዘይካኻስ ከንቱ ኢና።

ፍቕሪ፡ ተስፋ፡ እምነት፡ ኣዕዝዝ ኣብ መንጎና፡

ከነምበርክኽ ጸላኢና።

ቅዱስ ስሉስ ኣምላኽ፡ ኣይትፈለየና፡

ከነምበርክኽ ጸላኢና።

## መዝሙር እምነት 173 ኣብ ልዕሊ ኣብ ዝፋን ኮይኑ ይምልከተካሎ

1. ጎይታ የሱስ የቑመካ ንሓይሉ እመኖ:

ኲሉ ነገር ይከኣሎ የልቦን ዝሰኣኖ፡

ኲሉ ሓይሊ ኣብ ትሕቲኡ ባዕሉ ዝፈጠሮ፡

ንሰብ ብርቱዕ ዘይከኣል ንኣምላኽ ይከኣሎ።

ተደጋሚ፡-

ኣብ ላዕሊ ኣብ ዙፋን ኮይኑ

ይምልከተካ'ሎ፡

ኣብ ጉዕዞኻ እንተ ደኸምካ ሓይሉ ተቐበሎ።

2. ብሓጥያት ተሓንኪልካ ፍጹም ምስ ደኸምካ፡
   ኣብ ትሕቲ መስቀሉ ውደቕ ሓይሉ ክህበካ፡
   'ተወደቕና ብጌጋና መሊስና ንተንስእ፡
   ፍቕሪ የሱስ ተመልኪትና ጉዕዞና ነበርትዕ።
   *ተደጋሚ፡-*

3. ጻዕሪ የሱስ ምስ ትዝክር ብእምነት ተምበርኪኽካ፡
   ብጸሎት ተጋደል በርትዕ ተዓዋቲ ኢኻ።
   ለዋህ ኣምላኽ፡ መፍቀሪና ምድሓንና ዝፈቱ፡
   ወረስቲ መንግስቱ ኢና ንየሱስ መዋርስቱ።

## መዝሙር እምነት 174 ጠምት ናብ የሱስካ

1. ካብ መቑሕ ሓጥያት ክትወጽእ ሓራ፡
   ጠምት ናብ የሱስካ፡
   መታን ክድሕን ሓጥእ ነፍስኻ፡

ሞተ ኣብ ክንዳኻ።

<u>ተደጋሚ</u>

ጠምት ናብ የሱስካ ርአ ተሰቕለልካ፡
መታን ከድሕን ሓጥእ ነፍስኻ፡ ሞተ
ኣብ ጎልጎታ።

2. ፈተና ሰይጣን እንተ በርትዐ፡
ጠምት ናብ ጎልጎታ፡
ብጸጋ ሓይሉ ክትዕወት ኢኻ፡
ጎይታ ከም ዘለካ።

*ተደጋሚ፡-*

3. እቲ መገሻ ምስ ዝነውሓካ፡
ብዕዮ ደኺምካ፡
ጸጋ ኣምላኽና የበርትዓካ፡
ተኣመን ፈጺምካ።

*ተደጋሚ፡-*

4. መገድኻ እንተ ጸልመተካ፡
ኣይትፍራህ ኣጆኻ፡
ብሓጎስ ኮነ ኣብቲ ሽጋርካ፡
ኣሎ መዕቆቢኻ።

*ተደጋሚ፡-*

ኪ.ጸ

# መዝሙር እምነት 175 ኣምላኽ ኣብ ዙፋኑ’ሎ

1. ኣምላኽ ኣብ ዙፋኑ’ሎ እንታይ ኳንካ ትጭነቕ፡
   ኣይርስዕን ዉሉዱ ምእንታኻ ይሕለቕ።
   ንእኡ ይስምዖ ኩሉ ዝጓነፈካ፡
   ንጊዚኡ ተጸበ ይመጽእ ንምርዳእካ።

2. ኣምላኽ ኣብ ዙፋኑ’ሎ ጸላኢ ኣይዕወትን፡
   ‘ተ ፈከረ በርትዐ እንተ ሰለጠ እውን፡
   ዓወትሲ ናትካ ኢዩ ውሉድ ኩሉ ዝኽእል፡
   ተቓሊሱ ምስ ኣምላኽ ከቶ የልቦን ዝስዕር።

3. ኣምላኽ ኣብ ዙፋኑ’ሎ ብፍጽም ኣይልወጥን፡
   ከም ንእሙናት ቀደም እሙን ኢዩ ሕጂ’ውን።
   ንሰራዊት ስዒሩ ንባሕርታት ይኸፍል።
   ቅልጽሙ ክዝርግሕ’ዩ ኣብ እምነት ደኣ ደልድል።

ደ.ኣ

# <u>መዝሙር እምነት 176 ዓሂኻ ንየሱስካ ንገሮ</u>

1. ዓህን ሓዘንን ክኸብደካ፡
   ሽግርካ ንየሱስካ ንገሮ፡
   ምድራዊ  ተስፋኻ ‘ተጠፍኤ’ውን
   ዓሂኻ ንየሱስካ ንገሮ።

<u>ተደጋሚ፡-</u>ዓሂኻ ንጎይታ የሱስ ንገሮ፡
ንሱ በይኑ እዩ ረዳኢኻ።
ምድራዊ ተስፋኻ’ውን እንተጠፍኤ፡
ንሱ በይኑ እዩ ረዳኢኻ፡

2. ዓይንኻ ንብዓት ምስ ዝመልእ፡
   ዓሂኻ ንየሱስካ ንገሮ።
   ተስፋኻ ኣብ ሞንጎ ከዋኽብቲ፡
   ምስ ዝጽልምት ንየሱስ ንገሮ።
   <u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ኣዕሩኽትካ ምስ ዝጠልሙኻ፡
ሸግርካ ንየሱስካ ንገሮ።
ብሓይሊ ደበና ምስ ትኸበብ፡
ጸግዕኻ ኣብ የሱስካ ግበሮ።
*ተደጋሚ፡-*

4. ንብረትካ ኩሉ ’ተኸበደ፡
ጸገምካ ንየሱስካ ንገሮ።
መገድኻ’ውን እንተጸልመተ፡
እምነትካ ኣብ የሱስካ ግበሮ።
*ተደጋሚ፡-* ዶ.ሳ

## መዝሙር እምነት 177 ሓደ ፈታዊ ኣብ ዝኸድኩዎ

1. ሓደ ፈታዊ ኣብ ዝኸድኩዎ ሓቢሩ ይመላለስ ምሳይ፡

ንሱ ኣይርኤን ግን ቅዱስ ቃሉ መዕረፊ ይብህግ ኣብ ልበይ።

እቲ ፈታዊ ሞይቱለይ ነይሩ ካብ መቓብር’ውን ተንሲኡ፡

እጹብ ርሕሩሕ ኳሳና እዩ’ሞ፡ መኳሴኡ ይኣሊ። (2)

2. ኵሉ ግዜ ዘድልየኒ ነገር ርሕሩሕ ጓሳ ይጽግወኒ፡

ኣዝዩ ምስ ዝሸበር’ውን ልበይ ናይ ኣምላኽ ሰላይ የህድኣኒ።

ንግዚኡ ከም ዝስወረኒ፡ ቃል ኣምላኽ ባዕሉ ይምህረኒ፡

<u>ሰላምን፡ ፍስሃን ክዓዘኒ፡ ግርማኡ የጽልለኒ(2)</u>

3. እተወግኤ  ልብኻ መድሕነይ ይኣልየኒ ኣብዚ በረኻ፡

ብእምነት ቁስልኻ ክጥምቶ ብሓጎስ ከማዕዱ ናባኻ፡

ኣዕርፊኒ ኣብ ምዉቕ ሕቑፍኻ የዕቍበኒ ጥዑም ፍቕርኻ፡

<u>ድሒነ ገጽ ንገጽ ክርእየካ ክሳዕ ሞት ክስዕበካ (2)</u>

## መዝሙር እምነት 178 መዝሙር ኣሎኒ ጥዑም ዜማ

1. መዝሙር ኣሎኒ ጥዑም ዜማ፡ የሱሰይ ምሳይ ኣሎ፡

   ማዕበል ነይፈርህ ንሱ ከሎ፡ ብትዕግስቲ ክኽተሎ፡

   ተደጋሚ

   የሱስ፡ ግሩም ዓርኪ፡ እሙን መራሒ፡

   ከምኡ ኣይርከብኒ፡ ጽምኣት ነፍሲ ዘርዊ።

2. ኣብ ዓዘቕቲ ሓጥያት ሰጢማ ምስ ነበረት ህይወተይ፡

   የሱስ መጸ ክጽግን ልበይ ጸልማተይ ከልግሰለይ።

   ተደጋሚ፡-

3. ኣብ ልሙዕ ሸኻ የውዕለኒ፡ ጸግሑ የጽግበኒ፡

ብዘይቲ ምድሓን ይቐብኣኒ፡ ናብ ጽድቂ ይመርሓኒ፡

*ተደጋሚ፡-*

4. የሱስ፡ ይምለስ ክወስደኒ ናብ ላዕለይቲ ከተማ፡

ኣኽናፍ ናይ ወጋሕታ ክዝርግሕ፡ ቤት ኣምላኸይ ክበጽሓ።

*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 179 ዓርኪ ኣሎኒ

1. ዓርኪ ኣሎኒ ዘይፍለየኒ፡
   ኣብ ኩሉ ጉዕዞይ ዘታትየኒ፡
   ዘበርትዓኒ ሒዙ መንኩበይ፡
   የሱስ ፈቃር ዓርከይ።

2. ዓርኪ ኣሎኒ ዝርድኣኒ
   ድኻመይ ርእዩ ዘበርትዓኒ።

ኣብ ክንዳይ ኮይኑ ዝሕለቐለይ፡
የሱስ ፈቃር ዓርከይ።

3. ወርትግ ንጉዓዝ ‘ናተጻወርና፡
 ክሳዕ ንበጽሕ ኣብ መዕሪፊና፡፡
እነግሮ ኩሉ ምስጢር ናይ ልበይ፡
ንየሱስ ፍቃር ዓርከይ።

4. ፈነዋ ኮይኑ ምስ ተበገስኩ፡
 ኣብ ደንደስ ርባ ሞት ምስ በጸሓኩ።
ብኢደይ ሒዞ ዘሳግረኒ፡
የሱሰይ ኣሎኒ።

5. ምስ የሱስ ዓርከይ ዘይተላለኻ፡
 ቀልጢፈ ቅረቦ ንሱ ይደልየካ።
ጓሂ ኣርሒቑ ሰላም ይበካ፡
ንኡ ‘ ተመረጽካ።

## መዝሙር እምነት 180 ነቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ

1. ዘይንፈልጦ ብሃንደበት፡

ይመጸና ስደት ጭንቀት፡
ጸላኢ’ውን የጽብበልና፡
ከደናግር ልብና።

<u>*ተደጋሚ*</u>

ነቶም ንኣምላኽ ዘፍቅሩ፡ ከም ምኽሩ’ውን
እተጻውዑ ግና፡ ኩሉ ንሰናይ ከም ዝድግፎም
ንፈልጥ ኢና።

2. ሃብታም ከሎ ዘፍቀረና፡
ይጨንቀና ንሕና ግና፡
የሱስ ከሎ ፈዋሲና፡
ሕማም ድኻም የውድቐና።

<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. እንፍቅሮም ቤተሰብና፡
ይፍለዩ ካባና፡
ኩሉ ጥሪት ዝህበና፡
ብሃንደበት ይጠፍኣና።

<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

# <u>መዝሙር እምነት 181 በብቕሩብ ከነስትውዕሎ ኢና</u>

1. ብምልውዋጥ ጊዜ መከራ 'ንተ ጽገብና፡
   ብጸልማት ብርሃንን ማዕበል ምስ ዝመጸና፡
   ኣብቲ ጸልማት ዘይብሉ መዓልቲ ምስ በጻሓና፡
   በብቕሩብ ከነስተውዕሎ ኢና።

ተደጋሚ፡-እታ ብርኽቲ ንግሆ ምስ መጸት፡
እቶም ቅዱሳን ምስ ተኣከቡ፡
ዛንትኡ ክንነግር ከም ዝሰዓርና፡
በብቕሩብ ከነስትውዕሎ ኢና።

2. ብዛዕባ ገንዘብ ስጋ እኳ 'ተተሸገረና፡
   ብመግብናን ክዳንናን ኩሉ መንባብሮና፡
   ንኣምላኽና ንልምን ብተስፋኡ ኣሚንና፡
   ብብቑሩብ ከነስተውዕሎ ኢና።
   <u>ተደጋሚ</u>

3. ዘይነስተውዕሎ ጸልማት ምስኡ ብርቱዕ ፈተና፡
   ኣብታ ምድሪ ናይ ተስፋ ኣምላኽና ዝሃበና፡
   ክሳዕ ሞትና ንስዕቦ ብኹሉ ዝመርሓና፡
   በብቑሩብ ከነስትውዕሎ ኢና።
   <u>ተደጋሚ</u>

4. መፈንጠራን ፈተናን መሊኡ ኣብ ቅድሜና፡
ብሉ ድማ ከደናገር ይጅምር ልብና፡
ብምንታይ ከም ዝመጸ ድማ የደንቐና፡
ግን ዳሕራዩ ከነስተውዕሎ ኢና።
<u>ተደጋሚ</u>

## <u>መዝሙር እምነት 182 እንሆ ኣሕዋት ሓቢሮም ክነብሩ</u>

1.ፍቕሪ ሓድሕድና እዩ መለዮና፡
ጸላኢና ንሰዕረሉ ሓይሊ።
ሰንደቕ ዕላማ ናይ ጎይታ ነልዕሎ፡
ተማዊቕና ብፍቕሪ።

ተደጋሚ፡-እንሆ ኣሕዋት ሓቢሮም ክነብሩስ፡
ክንደይ ሰናይኒ፡ክንደይ ጥዑምን'ዩ።

2.ከምቶም ቀዳሞት ናይ ጎይታ መፈቀርቲ፡
'ናተፈቐርና ብግሩህ ልቢ፡
ብስሙር ሕብረት ሓንቲ ነፍሲ ኾይንና፡
ንኽብሮ ንየሱስና።
<u>ተደጋሚ:-</u>

3. ክንደይ ጥዑም'ዩ መጓሰ ናይ ጎይታ፡
ወርትግ ክትነብር ተራዳዲኣ፡ዓለም ትዕዘም
ትብርክት'ውን ንሳ፡ ባህ ይብሎ'ውን ጓስኣ።
*ተደጋሚ:-*

ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 183 ዎ እሙን ኣገልጋሊ

1. ዎ እሙን ኣገልጋሊ ትጽዕት ዘሎኻ፡
ይድንጉ ድኣ እምበር ዓወት እዩ ናትካ፡
ኩሉ ሃረር እትብሎ ድሌት ናይ ልብኻ፡
ኣብቲ ጽቡቕ ፍቓደይ ምላሽ እሰደልካ።

2. ዎ እሙን ኣገልጋሊ ተስፋ ከይቆረጽካ፡
ብምዉቕ ውዑይ ትግሃት ኣገልግል በርቲዕካ፡
ብህይወት ኮነ ብቓል ኣብነት 'ናኾንካ፡
ናብ መስቀለይ ምርሓየን ንኹለን ዝጠፍኣ።

3. ዎ እሙን ኣገልጋሊ ኣይኮንካን በይንኻ፡
ክትወጽእን ክትኣቱን ኣሎኹ ምሳኻ፡
ኣነ ዘይፈቕድኩሉ ፍጹም ነይመጸካ፡
ብዓሂ ኮነ ሓጎስ በል ይኹን ፍቓድካ።

4. ዎ እሙን ኣገልጋሊ ኣማዕዱ ኣርሒቕካ፡
እትነብረሉ ማሕደር ተዳሎ ንኣኻ
ጊዜ ኣገልግሎትካ ኩሉ ምስ ፈጸምካ፡
ክመጽእ'ዩ ፍቑረይ ናብኡ ክወስደካ።

ደ.ኣ

## <u>መዝሙር እምነት 184 'ቲ ዝጸውዓኩም ኣምላኽ እሙን ኢዩ</u>

1. 'ቲ ዝጸውዓኩም ኣምላኽ እሙን እዩ፡
ተስፋኡ ዘይጠልም ወትሩ ህያው እዩ፡
ከምቲ ዘተስፈዎ ክሳዕ ወሰን ምድሪ፡
ኣይፍለን ካባኹም ብሓጎስ ብዓሂ።

2. መገዲ የዳሉ ሓሊፉ ቅድሜኹም፡
ብሓጎስ ክትዓዩ መታን ክሰልጠኩም፡
ከድሕነኩም እዩ ካብ ውዲት ጸላኢ፡
ይሓልየልኩም ድማ  ብስጋ ብነፍሲ።

3. ብኸብዲ እግርኹም እተረግጸ ኹሉ፡
ኣብ ኢድኩም ይበኩም ብርሃን ክትኸልሉ፡
ዝተዛረብኩምዎ ናይ ኣምላኽ ቃል ኩሉ፡
ኣብ ፍረ የብጽሖ መንፈሱ ኣዝኒቡ።

4. ፍረ ‘ተደንጎየ ተስፋ ከይቆረጽኩም፡
ብእምነት ዕየዩ እናተጸቤኹም፡
ብንብዓት ትወፍሩ ዘራእትኹም ሒዝኩም፡
ብሓጎስ ትመጹ ምህርቲ ሓፊስኩም።

ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 185 ቃል ኪዳን ዝኣቶናዮ

1. ኣታ ሒደት መጓሰ ነፍሰይ ዝሃብኩኻ፡
ሕጂውን ኣይትሰንብድ ኣለኹ ምሳኻ፡
ቀደም ከም ዝመራሕኩ ብማእከል በረኻ፡
ሕጂውን ብሓያል ኢድ ከምኡ እመራሓካ።

2. ልብኹም ኣይሸበር ብኣምላኽ እመኑ፡
ፍጹም ኣይሓድገኩምን ዘኽታማት ክትኮኑ።
ብኢድ ሰብ ዘይተሃንጸት ቤት ምስ ኣዳለኹ፡
ክመጽእ'የ ደቀይ ምሳይ ክወስደኩም።

3. ሰዓት ኣምላኽ ኣኺላ ክሳዕ ዝመጸኩም፡
ብኣንድነት ንበሩ እናተጻወርኩም፡
ካልእ ሓጎስ ነይብለይ ብዘይ ምፍቓርኩም፡
ንልበይ ኣቕስንዎ ሰላም 'ናገበርኩም።

ደ.ሓ

# መዝሙር እምነት 187 የሱስ መድሓኒ

1. የሱስ መድሓኒ ሕያዋይ ጓሳ፡
   ወትሩ ምርሓኒ ናብ ብጹእ ቤትካ፡
   ምስ ተበጀኻየን መጓሴኻ፡
   ኣብጽሓኒ ናብ ብሩኽ ደምቤኻ።

   ተደጋሚ፡- የሱስ መድሓኒ ሕያዋይ ጓሳ
   በትርን ምርኩስን ኩነኒ
   ኢኻ፡
   ደገፍ ነፍሰይ ካልእ
   ነይብለይ፡
   ብዘይካኻሲ ካልእ ነይብለይ።

2. እንተ ቐጺዕካ እንተ ምዒድካ፡
   ኣይተርሕቐኒ ካብ መጓሴኻ፡
   እናሰዓብኩ ኣሰር ኣሰርካ፡
   መታን ክበጽሕ ኣብ ዕረፍትኻ።
   _ተደጋሚ፡-_

3. ዎ ዕዉት ገንሸል ክሳዕ እትምለስ፡
   ርድኣኒ ብዓወት ክመላለስ፡
   ኩሉ ሓደራ ዝሓደግካለይ፡

ክፍጽም ጺጋኻ ኣብዝሓለይ።

*ተደጋሚ፡-*

ደ.ሳ

# መዝሙር እምነት 188 መዲበ'የ ክስዕበካ

1. ክቡር ጊዜ ንእስነተይ፡
ሃልሃል ዝብል ውዑይ ሓይለይ።
ብዘይተረፍ ምሉእ ፍቕረይ፡
እህበካ ዎ ኣምላኸይ።

ተደጋሚ፡-መዲበ'የ ክስዕበካ ፈተየ 'ለኹ ክኾን
ናትካ፡ ሎሚ ጽባሕ ኩሉ ጊዜ
ኣይምለስን ፍጹም ኢለ።

2. ንኣኻ ፍረ ኣእምሮይ፡
ንኣኻ ዝፋን ናይ ልበይ፡
ንኣኻ ኩሉ ፍቓደይ፡
ንኣኻ ጥራይ ኣምላኸይ።

*ተደጋሚ-፡-*

3. ኣይፈልጥን ናይ መጻኢ፡
ሓጎስ ይኹን ወይስ ጓሂ፡
እስዕበካ ኩሉ ጊዜ፡

ናብ ትብለኒ ተኣሚነ።

<u>ተደጋሚ፡-</u>

4. ኣይክእሎን'የ ኣነ በይነይ፡
ንኡስ እየ ድኹም ሓይለይ፡
ምርሓኒ ሒዝካ ብኢደይ፡
ክሳዕ ዝውድእ መገደይ።

<u>ተደጋሚ፡-</u>

5.ዑቕባኻ እየ መድሓኒ፡
ብዘይካኻስ መን ኣሎኒ፡
ካብ ጸላኢ ሓልወኒ፡
ናባካ 'ውን ኣብጽሓኒ።

<u>ተደጋሚ</u> ደ.ኣ

# <u>መዝሙር እምነት 189 ዓወት ናትና እዩ</u>

1.ኣብ ዓውዲ ናይ ውግእና ምስ ሓይሊ ጸላኢና፡
ሰራዊት ናይ የሱስ ክንዕወት ኢና።

ተደጋሚ፡-ዓወት ናትና እዩ ንጋደል
በርቲዕና፡
ምስ የሱስ ራእስና ክንዕወት ኢና፡

2.ኣብ ታሪኽ ኣይተሰምዐን ሰራዊት ናይ የሱስ፡

ምስ ጸላኢ ገጢሙ ኣብ ብርኩ ክምብርኸኽ።

*ተደጋሚ*

3.ከም ቀዳሞት ጀጋኑ ዝሓለፍ ብዓወት

ብስም ኣምላኽ ተንሲእና ከምኣቶም ንዕወት።

*ተደጋሚ*

4.ሎሚ ኣብ ዓዉዲ ውግእ ንቃለስ ኣሎና፡

ጽባሕ ኣብ ወደብ ዓወት ክንሕጎስ ኢና።

*ተደጋሚ*

ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 190 ኣምላኸይ ድሌት ልበይ ፈጽመለይ

1. ጽብቕቲ ዕምበባ ኣታኽልትኻ፡

እትሕጎሰላ ምስ ኣሸተትካ።

ትዓግበላ ቋሕ ኢልካ ምስ ጠመትኻ።

ትኹን ዕሽል ህይወተይ ሓደራኻ።

ተደጋሚ:- ዎ ኣምላኺይ ድሌት ልበይ
ፈጽመለይ።

2. ንዝጠፍኡ ናባኻ ትምልሰላ፡
ኣፍካ ኮይና ቃልካ እትነግረላ።
ጥቅው መሳርያ እትጥቀመላ፡
ትኹን ህይወተይ ንኣኻ ብኹላ።
*ተደጋሚ:-*

3. ፈውሲ ልቢ ንዘፍቕሮም ወለደይ፡
ጽጋብ ዓይኒ ንኹሎም መጋውርተይ።
ሙቐት ንፍሲ ንኹሎም መሓዙተይ፡
ክኸውንሲ ኣብቅዓኒ ኣምላኺይ።
*ተደጋሚ:-*

4. ካብ ዕንቅፋት ብቕድሚተይ መራሒ፡
ካብ ጸላኢ ብድሕሪተይ ሓላዊ።
ኣብ ውግኣይ ኩሉ ዓወት ወሃቢ፡
ብጸገመይ ኩነኒ መጸግዒ።
*ተደጋሚ:-*

# መዝሙር እምነት 191 ፍቓድካ ይኹን

1. ፍቓድካ ይኹን እብል ጎይታ ብዝበጽሓኒ ጓሂ ተድላ፡
   ዝፈቐድካዮ ኩሉ ንኣይ ንጥቕመይ እዩ ከኣ ሰናይ።

2. ፍቓድካ ይኹን እብል ጎይታ ናብ ትልእከኒ ኩሉ ቦታ፡
   ምድረበዳ ትኹን ወይ ገነት ብሕጉስ ፍቓድ ጎይታ እዘዝ።

3. ፍቓድካ ይኹን እብል ጎይታ ምስ ኣኸለ ሰዓት ፈነዋ፡
   እናዘመርኩ መዝሙር ደስታ ነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኣማዕቁባ፡፡

4. ምስ ቀረብኩ ኣብቲ ዝፋንካ ትገልጸለይ ኩሉ ፍቓድካ፡
   ሽዑ እሕጎስ ንኽብርኻ ስለ ዘስመርኩ ንፍቓድካ፡

5. ምስ ኣዕረፍካኒ ኣብ ሰላምካ ዓስበይ እረክብ ካብ ፍቕርኻ፡
   ዎ ዘይተዳሉ ወሃብ ዓስቢ ትሸልመኒ በኽሊል ጽድቂ።

*ደ.ሰ*

# <u>መዝሙር እምነት 192 የሱስ መዕገብ ድሌተይ</u>

1. ንኹሉ ድሌተይ ሓደ ክልተ ኢልካ፡
   ኣብ መዝገብ ልብኻ ተዋህልሎ’ሎኻ፡
   ኣብቲ ጽቡቕ ግዜ ሰናይ ዝኾነለይ፡
   ብፍቕሪ ኣብዚሕካ ትምልስ ጸሎተይ።

<u>ተደጋሚ፡- የሱስ መዕገብ ድሌተይ</u>
<u>የሱስ መልሲ ናይ</u>
<u>ጸሎተይ፡</u>

2. ከም ጸሎት ዳኒኤል ከም ጸሎት ናይ ሃና፡
   ክትምልሶ ኢኻ ንጸሎተይ ከኣ፡
   ኣሚነ ኣለኹ ከም ዘይተሕፍረኒ፡
   ብኹሉ ድሌተይ ከም እተዕግበኒ።

ተደጋሚ፡-

3. ኅይታ መሃረኒ ምጽባይ ብዓቕሊ፡
   ኣብ ዝፈቐድካዮ ክሳዕ ትህብ መልሲ፡
   ደግፈኒ ከኣ መልሲ ብትሰዶ፡
   ብሓጎስ ብእምነት ፈትየ ክቕበሎ።

ተደጋሚ፡-

ደ.ኣ

# መዝሙር እምነት 193 ኣይፍለን'የ ኣነስ የሱሰይ ካባኻ

1.ካብ ክብረት ናይ ዓለም ሃብቲ ምስ ሓጎሳ፡
  ንኣይስ ትበልጸኒ የሱሰይ ንስኻ።
  ካብ ጥሪት ዉሉድ'ውን ኩሉ ብዘይካኻ፡
  ንዓይስ ትበልጸኒ የሱሰይ ንስኻ/2/

2.'ንተ'ለዎ መከራ ምኽታል ንኣኻ፡
  ንዓይሲ ክብረተይ እዩ ኩሉ ሰለ ስምካ።

ሞት'ውን ተኸቲለ ምስዓበይ ንኣኻ፡
<u>ንዓይስ ክብረተይ እዩ ጎይታይ ኣብ ቅድሜኻ።/2/</u>

3.ካብ ናይ ዘልኣለም ሞት ካብ ምርሓቕ ቅድሜኻ
ተድሕነኒ ኢኻ ሰለይ ተጣቢቐካ።
ንኣምላኽ ወራሲ መዋርስትኻ'ውን፡
<u>እዚ ኹሉ ንኣይ ኣየ ብጹእ ዕድል።/2/</u>

4.ኣይፈለን'የ ኣነስ የሱስይ ካባኻ፡
ኣይፈለን'የ ኣነስ ጎይታ ካብ እግርኻ።
ኣሚነ ኣለኹ እንተ ጠበቕኩኻ፡
<u>ከም ዘይትሓድገኒ ልበይ ከይቅስነካ።/2/</u>

ደ.ኣ

## <u>መዝሙር እምነት 194 ከም ዳሳ ንመጋሲኡ</u>

1. ከም ዳሳ ንመዳሲኡ ዝመርሐን ናብ ልሙዕ ሸኻ፡
   መድሓኒና ብመንፈሱ ንመዳሲኡ ይመርሓ።

ናብ ምሉእ ዕረፍቲ ዕግበት ክትረክብ ዘልኣለም ህይወት።

ለይቲ መዓልቲ ይመርሓ ኣብ ሕቑፉ ክሳዕ ዘዕርፉ።

2. ከም ዳሳ ንመዳሲኡ ዝሕልወን ካብ ጸላኢ፡
መድሓኒና ንማሕበሩ ይጥንቀቐላውን ከምኡ፡
በጃኣ ህይወቱ ሂቡ ጺጋን ምሕረትን ኣብዚሑ፡
ካብዚ ንሰማይ መሪሑ የእትዋ ናብ ደምቤኡ፡

3. ብኹቡር ደም ዝገዝኣ ዕርቡን መንፈሱ ዝሃባ፡
ክትነብር ተራዳዲኣ ባህ ይብሎ ይሕጎሰላ፡
ናብ ናይ ዘልኣለም ብጽእና ክምለስ እዩ ክወስዳ፡
ሓንሳብ ንሓዋሩ ሽዑ ብተድላ ክትነርብ ምስኡ።

ደ.ሓ

# መዝሙር እምነት 195 ሕጉስ እየ ብኣምላኽይ

1. ሕጉስ እየ ብኣምላኽይ፡
   ኣይጠዓስን ክስዕቦ’የ፡
   እንተኸፍአ ‘ንተ ሓሰመ፡
   ምስ የሱስ ክጉዓዝ ፈትየ።

2. ሳላ ደሙ ነጺሄ’የ፡
   ሓጎስ ሰላም በዚሑለይ፡
   ብጸግኡ ኩሉ ግዜ፡
   እመላለስ ተዓዊተ።

3. ሎሚ ጽባሕ ኩሉ ግዜ፡
   ኣይምለስን ካብ ምስዓቡ፡
   ባህ ኢሉኒ እገልግሎ፡
   የዕግበኒ ንሱ በይኑ።

4. ኣብ መወዳእታይ ሰዓተይ፡
   ንእምነተይ የበርትዖ፡
   ንርባ ሞት ብዘይ ፍርሃት፡
   ይረድኣኒ ክሳገሮ።

ደ.ላ

# <u>መዝሙር እምነት 196 ከቶ የልቦን ንኣምላኽይ ዘሰንፎ</u>

1. ንማያት ኩሉ ዝሰፍር ኣብ ኢዱ፡
   ንሰማያት ዝስድር በጻብዑ፡
   ሓመድ ምድሪ ዝእክብ ኣብ ሚዛኑ፡
   መን'ዩ ከም ኣምላኽይ ዝኽእል ኩሉ፡
   <u>"ከቶ የልቦን ንኣምላኽይ ዘሰንፎ"(2)</u>

2. ወዳጄ ዘብል'ዩ ሃብቲ ጥበቡ፡
   ቅኑዕ ዘይምርመር ፍጹም እዩ ፍርዱ፡
   ዘይደክም ዘይሕለል'ውን ኣእምሮኡ፡
   መን'ዩ ከም ኣምላኽይ ዝፈልጥ ኩሉ።
   <u>"ከቶ የልቦን ንኣምላኽይ ዝምርምሮ"(2)</u>

3. ሰማያት መናፍስቲ ዝሓድርሉ፡
   መሬትን ባሕርስ ስጋ ዝሰፍረሉ፡

ከቶ የልቦን ኣምላኸይ ዘይነብረሉ፡
መን'ዩ ከም ኣምላኸይ ዘሎ ኣብ ኩሉ፡
"ከቶ የልቦን ንኣምላኸይ ዝኸወሎ"(2)

ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 197 እደሊ ዎ የሱሰይ

1. እደሊ ዎ የሱሰይ ከገልግል ንኣኻ፡
   ብራህዋ ብጸበባ ንዓኻ ደው ክብለልካ፡
   ኣኽእለኒ ባዕልኻ መታን ክፍጽሞ፡
   ዝሃብካኒ ዕዮ ኣብ ምዕራፍ ከብጽሖ።

2. እደሊ ዎ የሱሰይ ንነፍሳት ክረብሕ፡
   ህይወት መታን ክረኽባ ቤትካውን ክመልእ።
   ዓይኒ ልበይ ኣብርሃዮ ንምርኣይ ዝጠፍኡ፡
   ልሳነይ'ውን ፍታሕ ስምካ ከበስሩ።

3. እደሊ ዎ የሱሰይ ዕድመይ ምስ ኣኸለ፡
ኣብ ሑቐፎኻ ክኣቱ ክነብር ሃዲአ፡
ኣብታ ማሕበር ቁዱሳን ብሓጎስ ክጽንበር፡
ብሓድሽ ልሳን ኣብኡ ንስምካ ክዝምር።

## መዝሙር እምነት 198 የሱስ ንኣይ እሙን መፍቀሪ

1. ዝሓደገ ኩሉ ኣበሳይ፡
ዝፈወሰ ኩሉ ሕማመይ፡
ዝረሰዐ ኩሉ በደለይ፡
የሱስ እዩ እቲ እሙን ዓርከይ።

ተደጋሚ :- የሱስ ንኣይ እሙን መፍቀሪ፡
የሱስ ንኣይ ዘይጠልም ዓርኪ፡
ንኣይ ጥፉእ ሓጥእ ዘፍቀረ፡

ኣይርከብን ከም የሱስ ዘለ።

2. ኩሉ ጽቡቕ ዘሎ ኣብ ምድሪ፡
ኩሉ መዝገብ ብሩር ምስ ወርቂ፡
ኩሉ ፍጥረት ሰማይ ምስ ምድሪ፡
ናይ የሱስ እዩ ናተይ መፍቀሪ።
ተደጋሚ

ኣይጭነቕን የሱስ ኣሎኒ፡
ከም ፍቓዱ ኩሉ ዝበኒ፡
ንኣይ ሱኡን ድኻ ዘዕገበ፡
ኣይርከብን ከም የሱስ ዘለ።

3. ሓጎስ ክብረት ናይ ሰማይ ኩሉ
ኩሉ ስልጣን ዝኾነ ናቱ፡
ሰራዊት ሰማይ ዝሰግደሉ፡
ዘገርም እዩ ንኣይ ምፍቃሩ።
ተደጋሚ

የሱስ ንኣይ እሙን መፍቀሪ፡
የሱስ ንኣይ ዘይጠልም ዓርኪ፡
ንኣይ ጥፉእ ሓጥእ ዘፍቀረ፡
ኣይርከብን ከም የሱስ ዘለ።
ተደጋሚ

# <u>መዝሙር እምነት 199 የሱስ ንኣይ ብሉጽ ግደ</u>

1. ሓጎስ ዓለም ምስ ክብረታ፣ በናኒ'ዩ ሸዓ፣
   ኩሉ ዝረኸቦ ካብኡ ግን ነባሪ እዩ ኣይሓልፍን።

<u>ተደጋሚ፦</u> የሱስ ንኣይ ብሉጽ ግደ፣
ንእኡ ምኽታል ሓርየ፣
ካልእ ኩሉ ወጊድ ኢለ፣
የሱስ ብሉጽ ግደይ ጌረ።

2. ሓንሳብ ንሓዋሩ መሪጸ ኣይፍለን ካብኡ ኢለ፣
   ብሓጎስ ጓሂ ወይ ብሞት ክስዕቦ እየ ንዘልኣለም።

ደ.ሳ

# <u>መዝሙር እምነት 200 ዎ የሱሰይ ዕዉት ገንሽል</u>

1. ዎ የሱሰይ ብሩኽ ፈልፋሊ፡
   ንጽምኣተይ ንዓ ኣርዊ፡
   ንመንፈስካ’ውን ኣዝኒብካ፡
   ኣጥልለኒ ሓደራኺ።

   <u>ተደጋሚ</u> ዎ የሱሰይ ዕዉት ገንሽል፡

   ከማኻ መታን ክዕወት፡
   ንውግኣይ ኣብዛ ዓለም፡
   ኩሉ ደምድሞ ብዓወት፡

2. ዎ የሱሰይ መስፍን ሰላም፡
   ቀንጥጠለይ ፍርሂ ድኻም፡
   ንልበይ’ውን ኣህድኣዮ፡

ብሓጎስ ሰላም ምልኣዮ፡

*ተደጋሚ፡*

3. ዎ የሱስይ ንጉስ ሰላም፡

ምርሓኒ ኢኻ ናብ ዕረፍተይ፡

ንዘልኣለም'ውን ምሳኻ፡

ክነብር ኣብቲ ሓጎስካ።

*ተደጋሚ፡-*

ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 201 ኣንቃዕሪረ ናብ ላዕሊ

1. ኣንቃዕሪረ ናብ ላዕሊ ምስ ዝጥምት፡

ተዓዚመ ብናይ ሰማይ ሰራዊት፡

ልበይ እብል ናባኻ ህዱእ ጸሎት፡

መታን ክኾን ብሩህ ኮኾብ ኣብ ጸልማት።

ዎ ኣምላኸይ እዚ እዩ ባህጊ

ልበይ።

2. ኣስተብሂለ ናብ ቆልዓ ምስ ዝርኢ፡
   ጠባዩ ዝጽቡቕ ፍጹም ማራኺ፡
   ልበይ ዎ ጎይታ ናባኻ እጽሊ፡
   ናይ ቆልዓ ልቢ መታን ክትህበኒ።

ዎ ኣምላኸይ ልቢ ቆልዓ

ፍጠረለይ።

3. ‘ንተ ጠመትኩ ናብ ቦታ ኣታኽልቲ፡
   ምስ ዝርኢ ተኽሊ ዘለላ ወይኒ፡
   ብልበይ ዎ ጎይታ ናባኻ ‘ጽሊ፡
   መታን ኣነውን ጥዑም ክፈሪ።

ዎ  ኣምላኸይ ጥዑም ፍረ

ኣብዝሓለይ።

ደ.ሉ

# <u>መዝሙር እምነት 202 ዘይትጠልም ኣቦ</u>

1. ናይ ህይወተይ ንጉስ ልበይ'ዩ ዝፋንካ፡
   ንስኻ ክትከብር ክኸውን ማሕደርካ፡
   ዎ ጎይታ ጸጋኻ ኣብ ልበይ ኣንብሮ።
   መንፈስካ'ውን ኣባይ ንወትሩ እሰሮ።

<u>ተደጋሚ</u> ዘይትጠልም ኣቦ ብዓወት ተንብር
ህይወተይ ሓልዋ ካብ ጸላኢ ነፍሰይ፡
ኩሉ ድሌት ልበይ ሓሳበይ ኣርኒብካ፡
ኣይትፈለየኒ ክሳዕ ዝርእየካ።

2. ህይወተይ ትኾን ጎይታ እምንቲ ንዓኻ፡
   ኩሉ ናተይ ዝብሎ ኣሎ ኣብ ቅድሜኻ፡
   ዝኸድካዮ ኣሰር ክስዕብ ድሕሬኻ፡
   ደግፈኒ ጎይታ ክመስል ንዓኻ።

   *<u>ተደጋሚ፡-</u>*

3. መዘና ዘይብልካ ብብዝሒ ፍቕርኻ፡
ንኣይ ከተድሕን ኣብ ምድሪ ወረድካ፡
ድሓር’ውን ክትምለስ ርስተይ ኣዳሊኻ፡
ዘገርም’ዩ ጎይታ ‘ቲ ኩሉ ምስጢርካ።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

ዲ.ኣ

## <u>መዝሙር እምነት 203 ፍቕሪ ኣሕድረልና</u>

1. ምዝራብ ቋንቋታት ሰብን መላእኽትን፡
ከም ዘድሂ ኣስራዚ እዩ ብዘይ ፍቕሪ፡
‘ንተዝፍለጥ ኩሉ ፍልጠት ኩሉ ምስጢር፡
ኩሉ ብዘይ ፍቕሪ ከንቱ’ዩ ዘይጠቅም።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>* ፍቕሪ ኣሕድረልና ካብ ኩሉ ትብለጽ
ፍቕሪ ኣሕድረልና ስልማት ናይ ጽድቂ፡
ብኹሉ ትስዕር ካብ ኩሉ ትዓቢ፡
ፍቕሪ’ያ ኣምላኽና ብልጽቲ መኣዲ።

2. ትንቢት እንተሎ’ውን ኣኽራን ዘግዕዝ እምነት፡
ገንዘብካ ዘበለ ድኻታት ምዕዳል፡
ኣሕሊፍካ’ውን ምሃብ ስጋኻ ንምንዳድ፡
ኩሉ ብዘይ ፍቕሪ ከንቱ ናይ ከንቱነት።

*ተደጋሚ፡-*

3. ፍቕሪ ‘ትቕየምን ሓቂ የሐጉሳ፡
ፍቕሪ ባህ ኣይብላን ብኹሉ ዓመጻ፡
ንኹሉ ትጸውር ንኹሉ ትኣምን፡
ንኹሉ ትዕገስ ተስፋ ‘ይትቆርጽን።

*ተደጋሚ፡-*

4. ትንቢት ኮነ ፍልጠት እንተሎ ክሰዓር
ምዝራብ ቋንቋታት እንተሎ ክውዳእ፡
‘ቲ ምቃል ክስዓር ምስ መጸ ‘ቲ ምልኣት፡
ፍቕሪ እንተኾነት ዘልኣለም ትነብር።

*ተደጋሚ፡-*

# መዝሙር እምነት 204 ዎ ምንጪ ኩሉ በረኸት

1. ዎ ምንጪ ኩሉ በረኸት ዘሎካ ምሉእ ዕጋበት፡

ብተስፋኻ ዘይትርስዕ ንጽቡቕ ድሌትና መልእ።

2. ኣብ ጸጽባሕ ንምህለሎ ኣብ ልብኻ ኣዋህልሎ፡
ተቐበል ድኹም ጸሎትና ብምሕረትካ ዘክረና።

3. ብፍቕርኻ ኣሙቐና ዝፈላሊ ኣልግሰልና፡
ሕጂ ምጻእ ኣብ መንጎና ዎ ኣምላኽ ንጽበ'ሎና።

4. ንነፍስና ከተሕድስ መንፈስና'ውን ከተህድእ፡
መገድና ኣብርሃልና ሓይልኻ ኣንብር ኣባና።

5. ኩሉ እዋን ኣብ ቅድሜኻ እሙናት ኮይንና ደቕኻ፡
ክንርከብሲ ዎ ኣምላኽና ንዓ ጸጋኻ'ብዝሓልና።

ደ.ኣ

# <u>መዝሙር እምነት 205 ክንደይ ብርኸቲ መዓልቲ እያ</u>

1. ንየሱስ ምስዓብ ዝመረጽኩላ ፡
ካብኡ ሕድገት ዝረኸብኩላ፡
ልበይ ሓጎስ ዝጀርበበላ፡
ክንደይ ብርኸቲ መዓልቲ እያ።

ተደጋሚ:- እወ ብርኸቲ መዓልቲ እያ፡
ዝኸብራ ግሩም በዓልቲ ሞያ፡
ሕጉስ እየ ኣነ ሕጂ እኳ፡
ኣይጠዓስን ፈጺመ ብኣ።

2. ንየሱስ መስዋእተይ ዝሃብኩላ ፡
ልበይ ከንጽህ ዝፈቐድኩላ፡
ማሕደር መንፈሱ ዝኾንኩላ፡
ክንደይ ብርኸቲ መዓልቲ እያ።

<u>ተደጋሚ፡-</u>

3. ንየሱስ ገጽ ንገጽ ዝርእየላ፡

ፈተናይውን ዝውገደላ፡
ኣኽሊል ዓወት ዝቕበለላ፡
ክንደይ ብርኽቲ መዓልቲ እያ።
ተደጋሚ፡-

ደ.ሉ

## መዝሙር እምነት 206 ምሳይ ንበር

1. ምሳይ ንበር ኣብ ግዜታት ህይወተይ፡
ምሳይ ንበር ዎ እሙን ረዳኢ፡
ብዘይካኻ ነይብለይ ሓጋዚ፡
ቅረበኒ ዎ ጥንቁቕ ሓላዊ።

ተደጋሚ፡- ዎ ኣምላኸይ ከም ተስፋኻ ቅረበኒ
ዎ ኣምላኸይ መጸግዒየይ ኩነኒ።

2. ምሳይ ንበር ኣብ ኩሉ ውግአይ፡
ብጸጋኻ ኣበርትዕ እምነተይ፡
ከሰንፎ ንሕሱም ጸላእየይ፡

ክቕበል’ውን ካባኻ ኣኽሊለይ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ምሳይ ንበር ብጽእና ፈነዋይ፡
ብዓወት ክድምድሞ ኩሉ ናብራይ፡
ንርባ ሞት ብደሓን ኣሳጊርካ፡
ዎ ረዳኢ ክኣቱ ኣብ ሰላምካ።

*ተደጋሚ፡-*

ደ.ሻ

## መዝሙር እምነት 207 ናትካ ጥራይ ምኧን እፈቱ

1. ናትካ ጥራይ ምኧን እፈቱ፡
ኣይደልን ካልእ ወናኒ፡
ኣብ ልበይ ፍቕርኻ ክኣቱ፡
ክትገዝኣኒ ክትመልኣኒ።

ኣይፈቱን ናይ ካልእ ክኾን

ብህይወት ኮነ ብሞት።

2. ናትካ ጥራይ ምኳን እፈቱ፡
   የሱስ ሓወይ ቅረበኒ፡
   ክሳዕ ዝዓርፍ ኣብ ሕቑፈኻ፡
   ብጸጋኻ ደግፈኒ።
   ናብ ዓዲ ሓጎስ ብጽእና
   ምርሓኒ ብኢድካ ሒዝካ።

3. ናትካ ጥራይ ምኳን እፈቱ፡
   ካልእ ሓጎስ ኣይረኽበሉን፡
   ብመንፈስካ ሓሉ ህይወተይ፡
   ሓግዝ ንድኽምቲ ነፍሰይ።
   ናብ ዓዲ ሓጎስ ብጽእና
   ምርሓኒ ብኢድካ ሒዝካ።

4. ብመንፈስካ ሓሉ ህይወተይ፡
   ሓግዝ ንድኽምቲ ነፍሰይ፡
   ናብ ዓዲ ሓጎስ ብጽእና
   ምርሓኒ ብኢድካ ሒዝካ።

# <u>መዝሙር እምነት 208 ንመከራ ናይ ሓዊ ክፈትሖ'የ</u>

1. ብመከራ ስቓይ ክምሃር ምእዛዝ፡
   የሱሰይ ባዕልኻ ብእኡ ሓሊፍካ፡
   ፍቓድካ እመርጽ ምልኣኒ ጸጋኻ፡
   ክስዕር 'ብደምካ ተኸቲለ ንዓኻ።

<u>*ተደጋሚ፡-*</u> የሱስ ንመከራ ናይ ሓዊ
ክፈትሖ'ዩ
ብእምነት ቁም ኣብ ስፍራኻ፡
ተስፋ ኣይትቑረጽ ሓደራኻ።

2. ኣምላኽ ንዘፍቅሮ ይቐጽዖ ክባረኽ፡
   ብበትሩ የጸናንዕ ብምርኩስ ይድግፍ፡
   ንባርነት ኣልጊሱ ቅድስና የልብስ፡
   ብጹእ'ዩ ዉሉድ ተግሳጹ ዝዕገስ።
   <u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. ሽዓ ሓላፉይ'ዩ ፈተና ናይ ሓዊ፡
   የሱስ ኣሎ ፈልፋሊ ጽምኣትካ ዘርዊ፡
   ረዚን ክቡር ኣኽሊል ክብሪ የዳልወልካ፡
   ናብኡ ጠምት ክትዕወት ብምሉእ ሓሳብካ፡

ተደጋሚ፡-

4. ደጋዊ ድንካነይ እኳ እንተበሰበሰ፡
ንምድሓን ስጋይ ደልየ እንተሰቆርቆርኩ፡
ዘይብሩህ ዋግዋግ ብዙሕ እንተኾነ፡
ብየሱሰይ ኩሉ ኣነ ዓጊበ እየ።
ተደጋሚ፡- ደ.ሓ

# መዝሙር እምነት 209 ህይወት ካብኡ እያ

1. ጥበብ ኣምላኽ ትጭድር ኣላ ዝሰምዕ ዝኽተል ‘ንተረኺባ፡
ኣብ ዓራት ጥዑም ድቃስ ኣብ ናብራ ሰላም ሓጎስ፡ (2)
ክኾነሉ ዝደሊ ጥበብ ናይ ኣምላኽ ይሓዝ።

ተደጋሚ፡- ህይወት ካብኡ እያ እትፍልፍል እሞ፡
ልዕሊ ኩሉ ንልብኻ ደኣ ሓልዎ። (2)

2. ጥበብ ኣምላኽ ተድህየካ ኣላ ክቡር ሓወይ
ስማዕ ተኸተላ፡
ምስ ኣሕዋት ሰላም ፍቕሪ ኣብ ናብራኻ ዕረፍቲ።፡(2)
ክኾነልካ ትደሊ ጥበብ ናይ ኣምላኽካ ሓዝ።
ተደጋሚ፡-

3. ጥበብ ኣምላኽ ክብርቲ እያ ዝወዳደር'ውን የብላን፡
   ብሩር ጥሪት ምስ ወርቂ ክብረት ንብረት ምስ ሃብቲ።፡(2)
   ሓላፊ እኳ እዩ ጥበብ ናይ ኣምላኽካ ሓዝ።
   *ተደጋሚ፡-*

*መ.ኣ*

## መዝሙር እምነት 210 ኣብዚ ክፍእ መወዳእታ እዋን

1. ኣብዚ ክፉእ መወዳእታ ግዜ፡
   ክንምለስ ህዝብኻ ናብ ኑዛዜ፡
   ብኽፉእ ግብርና ከይንምካሕ፡
   ደግፈና በደልና ክንንሳሕ።(2)

ተደጋሚ፡- ኣብዚ ክፉእ መወዳእታ እዋን፡

ሓግዘና ክንስዕሮ ንሰይጣን፡
(2)

2. ንወሓይዝ ናብ ንቑጽ በረኻ፡
ንዓይኒ ማያት ናብ ንቑጽ ምድሪ፡
ተለዊጡ ብናትና እከይ ግብሪ፡
ተለመነና እሙን ፈጣሪ(2)

*ተደጋሚ፡-*

3. ቃልካ እዩ ዝሕብር ናብ ድሕነት፡
ኣብዚ ክፉእ ግዜ ክሕደት ጥልመት፡
ንሱ እዩ’ቲ ዋሕስ ናይ ህይወት፡
ሓግዘና ‘ብኡ ክንገብር እምነት (2)።

*ተደጋሚ፡-*

መ.ሓ

# መዝሙር እምነት 211 የሱስ እሙን መራሒ

1. ካብ መገደይ ከይዝንብል ኣብ ኣበሳ ከይወድቕ፡
ምርሓኒ የሱሰይ መገደይ ከቕንዕ፡
ኣብ ዝኸድኩ እንተኸድኩ ኣብ ዝኾነ ቦታ፡
ንስኻ ህይወተይ ኩና ጽኑዕ ዋልታ።

ተደጋሚ፡- የሱስ እሙን መራሒ፡

ዎ ናይ ዘልኣለም ከውሒ፡
ንስኻ ትውክልተይ፡
መራሒ ህይወተይ። (2)

2. ኣብዚ ከፉእ ዘበን ምርሓኒ ባዕልኻ፡
   ኣልዕል ኣሎኹ ኣዒንተይ ናባኻ፡
   ዝውከሎ የለን የሱስ ብዘይካኻ፡
   እውክል ኣሎኹ ኣብቲ እሙን ተስፋኻ፡

   *ተደጋሚ፡-*

3. ሃብቲ ኮነ ክብረት ንዓይ ኣይጠቕመንን፡
   ዕረፍትን ሰላምን ህይወት ኣይህበንን፡
   ኩሉ ብዘይካኻ ከንቱ ናይ ከንቱነት፡
   የሱሰይ ንስኻ ናይ ህይወት መሰረት።

   *ተደጋሚ፡-*

*መ.ኣ*

# መዝሙር እምነት 212 ማሕተም ምድሓነይ

1. ድልድል ህይወተይ ካብ ሓጥያት ነፍሰይ፡
   የሱስ ብፍቕሩ በጃ ሞተለይ፡

ሓጎስ መልኣኒ ማሕተም ምድሓነይ፡
የሳግረኒ ናብ ብጹእ ቤተይ።

ተደጋሚ፦ ማሕተም ምድሓነይ ካብ ሓጥያት ነብሰይ፡
ማሕተም ዓወተይ ካብ ፈታንየይ፡
ማሕተም ናይ ዕዮይ ማሕተም ሓጎሰይ፡
ይምስክረለይ ደም ናይ የሱሰይ።

2. ጽድቂ ክዳነይ ጽሬት ናይ ልበይ፡
ካብ ድኻም ኩሉ ስንፍና ርእሰይ፡
ይኸልለኒ ብኸናፍ መንፈሱ፡
ማሕተም ጽሬተይ ደም ናይ መድሕነይ።
ተደጋሚ፦

3. ብሞት ብስቓይ ጸበባ ኹሉ፡
ስጋይ ክብስብስ 'ንተፈቒድሉ፡
ኣይሕለልን'የ ይሕደስ ውሽጠይ፡
ማሕተም ዓወተይ ደም ናይ መድሕነይ።
ተደጋሚ፦

4. ጎይታ ይመጽእ ክስልመኒ፡
ኣብ ድንኳን ክብሩ ክጽንብረኒ

ርስቲ ሓጎሰይ ምርኣይ የሱሰይ፥
ማሕተም መጎሰይ ደም ናይ የሱሰይ።
 *ተደጋሚ*  *ብ.ካ*

# <u>መዝሙር እምነት 213 ተስፋ ናይ ኣምላኸይ</u>

1. ብማየት ምስ ትሓልፍ ኣነ ምሳኻ'የ።
 ብውሕጅ ምስ ትሳገር ኣይከጥሕለካን'የ።
 <u>ተደጋሚ</u>
 <u>ተስፋ ናይ ኣምላኸይ ሓበነይ እምነተይ፥</u>
 <u>ከም ቃሉ ይነብር እሙን'ዩ የሱሰይ።(2)</u>

2. ብሓዊ ምስ ትሓልፍ ኣይከንድደካን'ዩ።
 ከም ኣዕሩኽ ዳንኤል ብዓወት ዝወጹ።
 <u>ተደጋሚ</u>

3. ኣይትፍራህ ኣትሸበር ኣነ ምሳኻ'የ ።
 ክትብርትዕ ክረድኣካ ክድግፈካ'የ።
 <u>ተደጋሚ</u>

4. ንኣምላኽ ዝጽበዮ ሓይሎም ይሕደስ'ዩ።

ይጎዩ ኣይሕለሉን ይኸዱ ኣይደኽሙን።

<u>ተደጋሚ</u>

5. ክሳዕ ሞት እሙን ኩን ኣኽሊል ክበካ'የ።

ዘይጽምሉ ዘይረክስ ክሽልመካ' የ።

<u>ተደጋሚ</u>

ብ.ካ.

# <u>መዝሙር እምነት 214 ኣይንሕለልን ኢና</u>

1. ሓይሊ ናይ መድሓንና ዘይብሉ'ዩ ማእለያ፡
ንጽቀጥ ነይጸበና ምሉእ እዩ ተስፋና፡
ኣይንሕለልን ኢና በቲ ሓይሊ ዝበና፡
ወንጌል ጎይታ ንሰብኮ ብመንፈስ ተደርኺና።

2.ብምሕረት ናይ ጎይታና ዉጽኣተ ሓራ ኢና፡
'ቲ ብርሃን ናይ ወንጌል የብርህ ኣብ ልብና።
ኣይንሕለልን ኢና ምሕረቱ'ዩ ምሳና፡
ወንጌል ብስራት ንሰብኽ ዝረትዕ ብሕልና።

3.ኣብ ጸጽባሕ ንሕደስ ኣይንሕለልና ኢና፡
ብሉጽ ሙሉእ ረዚን'ዩ ክብሪ ዘዳለወልና፡
ኣይንሕለልን ኢና ተበስበሰ ስጋና፡
ጸበባና ቀሊል'ዩ ክምልሶ'ዩ የሱስና።

ብ.ካ.

## መዝሙር እምነት 215 የሱስ ፈታውየይ እዩ

1. የሱስ ፈታዉየይ እዩ ሓጎሰይ ህይወተይ፡
ኩሉ ሳዕ ውን ጸጎዔይ እዩ ሓይለይ ይሱስ እዩ።
ካብ ጸበባይ ይረድኣኒ ካልእ ሓጋዚ ነይብለይ፡
ካብ መከራይ የድሕነኒ የሱሰይ።

2.የሱስ ፈታውየይ እዩ ጸበባይ ይፈልጥ፡

በረኸት ውን ካብኡ ’ደሊ ይህበኒ ባዕሉ፡
ማዕረ ገይሩ ብኹልና ዝናም ጸሓይ የውሕዘልና፡
በረኸቱ ይህበና የሱስና።

3.ይሱስ ፈታውየይ እዩ ክእመኖ እዩ፡
ኣማንየይ ንሱ እዩ ከቶ ኣይክሕዶን እየ።
ክኽተሎ የድልየኒ ንሱ ውን ብኣይ ባህ ክብሎ
ኩሉ ጊዜ ክስዕቦ’የ ንየሱስይ።

4.ፈታውየይ የሱስ እዩ ከምኡ’ኳ ኣይረክብኒ
ክሳዕ መወዳእታ’ ኣምኖ ሕጂውን እውክሎ።
ምስኡ ምንባር ህይወት እዩ መወዳእታ’ውን የብሉን፡
ንዘልኣለም ነባሪ’ዩ መድሕነይ።

## <u>መዝሙር እምነት 216   ጸሎት ሰሚዑ ዝምልስ</u>

1. ቁዝማ ህዝቡ ዝሰምዕ
   ዝኣተዎ ኪዳን ዘይርስዕ

እግዚኣብሄር ዘኪሩና
ይእከል ኢልዎ ባርነትና።

<u>ተደጋሚ፦</u> እግዚኣብሄር ጸሎት ሰሚዑ ንብዓት ኣዒንቲ ዝደርዝ፡

ንሕዙን ልቢ ዘሐጉስ ምኽኑ ነፍሰይ ጥዒማቶ
ኣፋ ከፈታ ኣመስጊናቶ።

2. ብለሰ ብኽያት ክሓልፍ፡
ደኺመ ድሕሪት ከይተርፍ፡
ንብዓት ካብ ኣዒንተይ ደሪዝዎ፡
ንድኹም ሓይለይ ሓዲስዎ።
*<u>ተደጋሚ፦</u>*

3. ሓዊ ኣውሪዱ ዝምልስ፡
ሕማም ናይ ልቢ ዝፍውስ፡
ኣብዚሑ ጸጋ ዘፍስስ፡
ኣይተለወጠን ኣምላኽ ኢልያስ።
*<u>ተደጋሚ፦</u>*

4. ኣብ ደረቕ ምድሪ ጠለለት፡
ጽጋብ ዝኸውን ብጥሜት፡
መዝገብ ናይ ሰማይ ከፊቱ፡
ኣፍሲሱለይ 'ቲ ጽቡቕ ውህበቱ።
*<u>ተደጋሚ፦</u>*

5. ጸላእቲ ጽድቂ ተላዕሉኒ፡
ካብ ኣምላኽ ፈልዮም ከጥፍኡኒ፡
እግዚኣብሄር ረዲኡኒ፡
ምህለላይ ሰሚዑ ኣድሒኑኒ።
*<u>ተደጋሚ፦</u>*

6. ጸግዕን ዋልታን ኮይኑኒ፡
በቲንዎም ንዝኸበቡኒ፡

ኣብ ውግኤይ ተሰሊፉለይ፡
ይኸበር ይመስገን መድሕነይ። ዑ.ሃ

# መዝሙር እምነት 217 ገጽ ንገጽ ምስ መድሓንየይ

1. ገጽ ንገጽ ምስ መድሓንየይ፡
ገጽ ንገጽ ከመይ ኮን'ዩ፡
ብሓጎስ ክርእዮ እየ የሱሰይ ዝሞተለይ።

*ተደጋሚ*

ገጽ ንገጽ ክርእዮ'የ ብኾኾባዊ ሰማይ፡
ገጽ ንገጽ ምስቲ ግርማዊ ቀልጢፈ
ክርእዮ'የ።

2. ሎሚ ብዋግዋን 'ርእዮ ብመጋረጃ ጸልማት፡
ግን ትመጽእ'ታ መዓልቲ ክብሩ ዝረኣየላ።
*ተደጋሚ*

3. ኣብ ቅድሚኡ ክንደይ ሓጎስ ጓህን ቃንዛን ምስ ጠፍኤ፡
ጠዋይ መንገዲ ምስ ቀንዐ ጸልማትውን ምስ በረረ
*ተደጋሚ*

4. ገጽ ንገጽ መዓልቲ ደስታ ገጽ ንገጽ ምርኣይ ምፍላጥ፡
ገጽ ንገጽ ምስ መድሓንየይ የሱሰይ መፍቀርየይ።
*ተደጋሚ*

# መዝሙር እምነት 218 ስምካ ጸዊዐ ኣይሓፈርኩን

1. ሓጥያተይ ብዙሕ ነይሩ ኣምላኽ ደምሲስካለይ፡
ድኻመይ ጉድለተይ ባዕልኻ መሊእካለይ፡
እንታይ እየ ዝገብረልካ እንታይ እየ ዝኸፍለካ፡
ተመስገን ጥራይ እብለካ። /2/

ተደጋሚ፡- ስምካ ጸዊዐ ኣይሓፈርኩን
ዎ ኣምላኸይ መልሰለይ፡
ነዛ ድኸምቲ ጸሎተይ ስማዕ፡
ከም ቃልካ ወስኸለይ።/2/

2. ንልበይ ናብ ቃላትካ ምርሓዮ የሱሰይ፡
ንብዓተይ ካብ ምርኣይ ከንቱ ባዕልኻ ምለሰን፡
ዝከኣለኒ መታን ክገብር ብትእዛዝካ ክመላለስ፡
ዎ ኣምላኽ ባዕልኻ ኣኽእለኒ።/2/

*ተደጋሚ፡-*

3. ንምግዱርን ዘኽታምን ኣምላኽ በይነሎም፡
ንጭኑቕን ምስኪንን ፍትሒ ኣውጺኣሎም፡
ጭንቀት ልቦም ዝዓዘዞም ቃንዛ ልቦም ዝበርተዖም፡
ዎ ኣምላኽ ንስኻ ኣርህወሎም።/2/
*ተደጋሚ፡-*

4. ብምሕረት ሃብታም ኢኻ ኣንታ ርሕሩሕ የሱስ ፡
ንምድሪ ተመልከታ ብምሕረትካ ኣታ ቅዱስ፡
ተንስእ ንምድሪ ፍረዳ ተንስእ ምድሪ ጠምታ፡
ዎ ኣምላኽይ ህይወት ሃበና። /2/
*ተደጋሚ፡-*

# መዝሙር እምነት 219 ሳላ ኣምላኽ እንታይ ስኢነ

1. ብኣምላኽይ ተስፋ እገብር፡
እብርትዕ ልበይውን ቀጥ እብል፡
ዝጎድለኒ የለን ሳላኡ፡
ሕጂውን ተስፋ እገብር ብእኡ።

ተደጋሚ፡- ሳላ ኣምላኽ እንታይ ስኢነ፡
ብተስፋ እየ ዝነብር ኣነ፡
ኣምላኽይ ከምዚ ኢሉ ኣተስፍዩኒ፡
በርትዕ ቀጥ በል ኣጆኻ ኢሉኒ።

2. ብእግዚኣብሄር እሕጎስ፡
ልበይ ዝደልዮ ይህበኒ፡
መገደይን ትውክልተይን ኣብኡ እዩ፡
ንኹሉ ባዕሉ የስልጠለይ።
*ተደጋሚ*

3. ዝብላዕ ዝኸደን ኣይሰኣንኩን፡
ሓጎስን ጥዕናን ኣሎኒ፡
ስጉምተይ ሰንከልከል ኣይብልን፡
ንሱ እዩ መዕቆቢ ህይወተይ።
*ተደጋሚ*

4. ሳላ ኣምላኸይ እንታይ ስኢነ፡
እነብር ሃዲኤ ቀሲነ፡
እድቅስ እትንስእ ኣመስጊነ፡
እወጽእ እኣቱ ኣምላኽ ኣሚነ።
*ተደጋሚ*

# መዝሙር እምነት 220 የሱስ ምሳና ኹን

1. የሱስ ፈጣሪ ኩሉ ዓለማት፡
   ምሳና ኹን ኣብ ብርሃን ኣብ ጸልማት፡
   መከራና እንተበዝሐ፡

ምሳና ኹን ምድሪ ወግሐ ጸብሔ።

<u>ተደጋሚ፡- </u>የሱስ ምሳና ኹን ንግሆ ምሸት፡
ኣብ ፈተና ሃበና ምሉእ ዓወት።

2. እዮብ ኣብቲ ጸምጸም በረኻ፡
ስዒሩ'ዩ ፈተና ሳላኻ፡
ከም እዮብ'ውን ክንስዕር ፈተና፡
ርድኣና ሓግዘና የሱስና።
*ተደጋሚ*

3. ሓሳረ መከራ እንተጸገብና፡
ጸላእቲ ዘፍርሑ ተበዝሑና፡
ጽኑዓት ክንከውን ኣብ ዕዮኻ፡
ኣብ ፈተና ምሳና ኹን ኢኻ።
*ተደጋሚ*

4. ክንስዕበካ ህይወትና ቀቢጽና፡
ከነልዕሎ መስቀልና ፈቲና፡
ክይከውን ክንቱ ዝጻዕርና፡
ኀይታ የሱስ ጸጋኻ ሃበና።
*ተደጋሚ*

መ.ኣ

# መዝሙር እምነት 221 ክብሪ ናይ ኣምላኽና

1. ብእምነት ክንጉዓዝ ኣኽእለና፡
   ሓይልኻ ክንርኢ ደስ ክብለካ ብኣና፡
   ዝሃብካና ተስፋ ቃልካ ዝምስክሮ፡
   ደግፈና ኢኻ ብእምነት ክንገብሮ።

   ተደጋሚ፡- ክብሪ ናይ ኣምላኽና፡
   ኣብ ማእከል ንብረትና፡
   ቀጽሪ ሓዊ እዩ ኣብ ዙርያ
   እምነትና።

2. ፈተናና ኩሉ ብእምነት ነውድቖ፡
   ከም ዕርዲ ያሪኮ ብቓልካ ነውድቖ፡
   ሰይጣን ከፍርሃና ይጓዝም ኩሉ ሳዕ፡
   እምነትና ደግፍ ደው ክንብል ብትብዓት።
   ተደጋሚ

3. ኣብዚ ሓጺር ግዜ መወዳእታ እዋን፡
   እምነትና ይፍተን ብኹሉ ኩርንዓት፡
   ጸላኢ ይተግህ የጽብብ ይፍክር፡
   ክብሪ ንኣምላኽና ብደሙ ንስዕር።
   ተደጋሚ

4. ሳላ ደም’ቲ ገንሸል ሳላ ቃል ኣምላኽና፡
ንገበል ናይ ጥንቲ ብዓወት ስዒርና፡
ስልጣንን ምድሓንን ናይ ዕዉት ጎይታና፡
ኣሰሩ ክንስዕብ ስየ ዓወት ሒዝና።

*ተደጋሚ*

ብ.ካ

# መዝሙር እምነት 222 ኣብ ሰማይ ቤት ኣሎኒ

1. ኣብ ሰማይ ቤት ኣሎኒ፡ ዘንጸባርቕ ከም ጸሓይ፡ /3/
   ኣብቲ ላዕላይ ሰማይ፡

2. ንሰይጣን እምቢ ኢሉ፡ ምስ ኩሉ ውዲቱ። /3/
   ብቓል ተግባር ኩሉ፡

3. ብየሱስ ድሒነየ፡ ንስኻ’ኸ ሓወይ፡ /3/
   ፍርዲ ሎካ ዳሕራይ፡

4. የሱስ ዶ ተቐቢልካ፡ ሰማይ ንኽትኣቱ፡ /3/
   ኣብቲ ላዕላይ ቤቱ፡

5. የሱሰይ ክምለስ’ዩ ክወስደኒ ናብ ቤቱ፡ /3/
   ናብቲ ላዕላይ ሰማይ።

# <u>መዝሙር እምነት 223 እዛ ዓለም ‘ዚኣ ቤተይ ኣይኮነትን</u>

1. እዛ ዓለም’ዚኣ ቤተይ ኣይኮነትን፡
   መዝገብ ናይ ዘልኣለም ኣብ ሰማይ ኣሎኒ፡
   ኣብ ደገ ሰማያት መልኣኽ የድህየኒ፡
   ካብ ሎሚ’ዛ ዓለም ቤተይ ኣይኮነትን።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>* እሙን ጎይታይ ንስኻ ብጻየይ፡
ሰማይ እንተዘይኮይኑስ ካልእ ቤት
ነይብለይ፡
ኣብ ደገ ሰማያት መልኣኽ የድህየኒ፡
ካብ ሕጂ’ዛ ዓለም ቤተይ ኣይኮነትን፡

2. ንቕድሚት ክኸይድ ንሱ’ሕልወኒ፡

ኣበሳይ ገዲፉ ይተዓረቐኒ፡
ድኻ ኢኻ ኢሉ ፍጹም ነይመንወኒ፡
ደጊም እዛ ዓለም እንታይ ክትጠቕመኒ።
_ተደጋሚ_

3. ኣብ ሰማይ ደው ኢሉ’ዩ ዝጽበየኒ፡
ገጹ ከይርኤኹ ናፍቖት ነይለቀኒ፡
መልኣኹ ልኢኹ ባዕሉ ዓዲሙኒ፡
ካብ ሎሚ’ዛ ዓለም ቤተይ ኣይኮነትን።
_ተደጋሚ_

4. ኣብ ላዕለይቲ ሃገር ብሓደ ምንባርና፡
ምስ ኩሎም ቅዱሳን እልል እናበልና፡
ነቲ ኣብ ቀራንዮ በጃ ዝሞተልና፡
ንዘልኣለም ገጹ ምርኣይ’ዩ ደስታና።
_ተደጋሚ_

## መዝሙር እምነት 224 ዓወት ሃበና

1. ‘ቲ መብረሲ ኸይድይበና፡
ንዕርድና ኣጽንዓልና፡
ሓቛቑና ኣደልድለልና፡
ንሓይልና ኣበርትዓልና። /2/

_ተደጋሚ፡-_ ዓወት ሃበና /3/ ዓወት ሃበና /3/

2. ወሓይዝ ብልያል ከየርከበና፡
‘ቲ ዝጓዝም ከይኣትወና፡
ሰራዊት ፈርኦን ከይረትዓና፡
ብመንፈስካ ሕጸረና።/2/

ተደጋሚ፡-

3. ብፈተና ተዓጊስና፡
‘ቲ እተኣርነበ ኣኽሊልና፡
ብየሱስ እተዳለወልና፡
ንኽንወርሶ ኣብቅዓና። /2/

ተደጋሚ፡-

4. ሰናይ ገድሊ ተጋዲልና፡
ናይ ዓለም ጉዕዞ ወዲእና፡
ናብ ሰማይ ምስ ተሳገርና፡
ምስ የሱስ ክንነብር ኢና። /2/

ተደጋሚ

ዑ.ሃ

## መዝሙር እምነት 225 እዚ’ዩ ሓጎስ ናይ ነፍሰይ

1. ነቲ ኽገብሮ ዝሃብካኒ ግብሪ፡
ፈጺመ ከኽብረካ ኣብዛ ምድሪ፡
ሕያዋይ እሙን ባርያይ ክትብለኒ፡
ኣብ ሓጎስካ ክትቅበለኒ።

<u>ተደጋሚ</u>

እዚ’ዩ ሓጎስ ናይ ነፍሰይ ባህታኣ፡
ኣብ መወዳእታ ክትዓርፍ ግዲኣ፡

2. ኣብቲ ዝተሸምክዎ ዕዮኻ፡
ተስፋይ ብድምቑ ኽጽበየካ፡
ኣብ ዝመጻእካ ግዜ ‘ተመጻእካ፡
ቀንዴለይ ኣብሪሀ ክጸንሓካ።

*<u>ተደጋሚ</u>*

3. ምግባር ፍቓድካ ክሽውን ብልዐይ፡
ዕዮይ ክፍጽም ድማ ጽጋበይ፡
ሰናይ ገድሊ እምነት ተጋዲለ፡
ክሕጎስ ኣኽሊለይ ተቐቢለ።

*<u>ተደጋሚ</u>*

4. ለይተይ ክወግሕ ጸልማተይ ክበርህ፡
ሕድረይ ኣጽኒዔ ኣብ ቤትካ ክበጽሕ፡
በቲ ሕንጹጽ መቀዳደሚ ጎይየ፡
ንህይወተይ ብንጽህና ሓልየ።

ተደጋሚ

ዑ.ሃ

# መዝሙር እምነት 226 ሓደራ ኣይትፈለየኒ

1. ዝበልዓሉ ጻሕሊ ሰቢሩ፡
   ንዘኽበሮ ጎይታ ኣሕሲሩ፡
   ክሃድም ካባኻ ርእየ'የ፡
   ሓደራ ጎይታየ።

ተደጋሚ፡- ሓደራ ሓደራ ኣይትፈለየኒ

'ካባኻ ዝተፈልየ ህይወት የብለይኒ'

(ካብ ጸጋኻ ዝተፈልየ ህይወት የብለይኒ')

ሰራቕን ጉሒላን ከይዛረረፈኒ።

2. ልቡ ካብ ኣምላኹ ኣሸፊቱ፡
   ምስ ጸላኢ ወገን ኣኽቲቱ፡
   ርእየ'የ ክሃድን ንኣኻ፡
   ሓደራ ባርያኻ።

   ተደጋሚ

3. ንዓይ ክሕሸኒ ክለምዓለይ፡
   ከኽዕበት ክበዝሕ 'ቲ ዓስበይ፡
   ዎ ኣምላኸይ ይኹን ፍቓድካ፡

ክነብር ኣብ ቤትካ።

*ተደጋሚ፦*

4. ንፉዕ ኣማኒ ምባለይ፡
ካብ ሰባት ናእዳ ምርካበይ፡
ኣይኮነን ዘብዝሖ ዓስበይ፡
ናእዳኻ እምበር ኣቦይ።

*ተደጋሚ፦* ዑ.ሃ

# መዝሙር እምነት 227 ሰላም ንምርካብ

1. ዘሎና ዕረፍቲ ብዝሒ ሰላምና፡
ኣይኮነን ዓስቢ ፍረ ናይ ስራሕና፡
ግናኸ ‘ቲ ንየሱስ ጎይታ ዝሃበና፡
ምስኡ ድማ ሰላሙ ኣብዝሓልና።

ተደጋሚ

ሰላም ንምርካብ ብዙሕ ኣይጸዓርናን፡
ዓቕብ ደይብና ቁልቁል ኣይወረድናን፡
ንጎይታ የሱስ ምስ ተቐበልና፡
(‘ናይ ሰላም ንጉስ የሱስ ምስ ረኸብና’)
ምስኡ ኩሉ በዝሓልና። /2/

2. ዘይምሽባርና ዘይምስንባድና፡
ካባና ኣይኮነን ብዝሒ ትብዓትና፡

የሱስ ስለዝኾነ ሰላምና፡
ንነብር ኣብ ኩሉ ልብና ኣህዲእና።

*ተደጋሚ፡-*

3. ኣይኮነን ብውግእ ብብዝሒ ሞት፡
ኣይኮነን ብዘተ ብዙሕ ኣኼባታት፡
ካብ ላዕሊ እዩ ዝርከብ ብእምነት፡
ስለ ዝኾነ ናይ ኣምላኽ ውህበት።

*ተደጋሚ፡-*

ሁ.ሃ

# መዝሙር እምነት 228 የሱስ ዓርኪ ልበይ

1. ናይ ጽምዋ ዓርከይ፡
ኣብ ድኻም ብርከይ፡
ዘይፍለየኒ መሳድድተይ፡
የሱስ ጓሳ ናይ ህይወተይ፡

*ተደጋሚ፡-* የሱስ ፈውሲ ህይወተይ
የሱስ መልሲ ንሕቶይ፡
የሱስ መላእ ጎደሎይ፡
የሱሰይ ዓርኪ ልበይ።

2. ዘይውዳእ ሃብቲ ምሕረቱ፡
ሰፈሩ ዘይህብ በረኸቱ፡
ንዓለም ዝምሕር ብለውሃቱ፡
ንዘኣምን ድሕሪ ሞት ርስቱ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ኩሉ ሰብ ኪድሕንን፡
ናብ ፍልጠት ሓቂ ክበጽሕን፡
ዝፈቱ እምበር ዘይኹንን፡
የሱስ ኣላይ ንድኹም።

*ተደጋሚ፡-*

4. ኣብ መቓብር ዘይተርፍ፡
ኣብ የማን ክብሪ ዝዓርፍ፡
ንሽጉር ርእዩ ዘይንሕፍ፡
የሱስ ንሓጥእ ዘይጉሕፍ።

*ተደጋሚ፡-*

5. ኣምላኸይ ንድኻ ዕርዱ፡
ንሽጉር መጸጊዒኡ፡
ካብ ሃጽፊ መዕቀሊኡ፡
ካብ ሃሩር መጽለሊኡ።

*ተደጋሚ፡-*

ሁ.ሃ

# መዝሙር እምነት 229 ብምድሓነይ እሕጎስ እየ

1. ብዓይኒ ምሕረት ዝጠመተኒ፡
ብዓቢ ፍቕሩ ዘድሓነኒ፡
ኣርዑተይ ሴሩ ዘውጽኣኒ፡
ዓቢ መድሕን የሱስ ኣሎኒ።

ብምድሓነይ እሕጎስ'የ
ንየሱስ ጎይታ ረኺበ'የ። /2/

2. ንኸይጠፍእ ደንጊጹለይ፡
ናይ ምድሓን ቃሉ ለጊሱለይ፡
ኣብ ደምበ ኣባጊዑ ዝጸምበረኒ፡
ሕያዋይ ጓሳ የሱስ ኣሎኒ።

ብምድሓነይ እሕጎስ እየ
ሕያዋይ ጓሳ ረኺበ'የ።/2/

3. ሰንከልከል ክብል ዘይሓደገኒ፡
ብቓል ሓቂ ዝመርሓኒ፡
ንዓቢ ክብሪ ዘዳለወኒ፡
ናይ እምነት ጎይታ የሱስ ይሕሸኒ።

ብምድሓነይ እሕጎስ እየ፡
ካብ ሞት ናይ ህይወት ሰጊረ'የ።/2/

4. ንምድሓነይ ቃላቱ ክሰምዕ
ኣዒንቲ ልበይ ዝኸፈቶ፡
ንየሱስ ጎይታይ እንታይ ክመልሰሉ፡
ተመስገን ተመስገን እልል እብለሉ።

ብምድሓነይ እሕጎስ እየ፡
እሙን ዓርኪ ረኺበ'የ። /2/

5. ምስ ዝደክም ዘበርትዓኒ፡
ምስ ዝሰበር ዝዝንነኒ፡
ናብ ሞት ክኸይድ ዘይሓድገኒ፡
ናይ ፍቕሪ ኣምላኽ የሱስ ኣሎኒ።

ብምድሓነይ እሕጎስ እየ፡

ብወዲ ኣምላኽ ኣሚነ'የ። /2/

6. በዓል ዓቢ ውዕለት የሱስ ጎይታ፡
   ንምድሓነይ ዝሞተ ኣብ ጎልጎልታ፡
   ብጥዑም ዜማ ከመስግኖ፡
   ስለ ምድሓነይ'ውን ከኽብሮ።

ምድሓነይ እሕጎስ እየ።
ሕያዋይ ጓሳ ረኺበ'የ። /2

ሁ.ሃ

# መዝሙር እምነት 230 ጸጋኻ ሃበኒ

1. ህያውን ቅዱስን፡ ንኣኻ ባህ ዘብል፡
ክኸውን ስጋይ ፡ ኣብ ቅድሜኻ ቅቡል፡
መንፈሳዊ መስዋእቲ ኣእምሮይ፡
ንኽቕርበልካ ጸጋኻ ኣብዝሓለይ፡

ጸጋኻ ጸጋኻ ሃበኒ /2/፡
ብቕዱስ ህይወት ከመላልሰኒ።

2. ሰናይን ምሉእን ፡ ፍቓድካ መርሚረ፡
ብምሕዳስ ሓሳበይ ተቐይረ፡
ጉያይ ክውድእ ንኣኻ ኣኽቢረ፡
ጸጋኻ ሃበኒ ካብ ዓለም ክፍለ።

ጸጋኻ ጸጋኻ ሃበኒ /2/፡
ልዕሊ ሓጥያት ከመላልሰኒ።

3. ትርጉም ምንባረይ ፡ ኣብሪሄ ክፈልጦ፡
ዝግበኣኒ ዕዮይውን ክስልጦ፡
ኩሉ ክምስክር ጥሪትካ ምኳነይ፡
ንቓልካ ክመስል ፡ ጸጋኻ ኣብዝሓለይ።

ጸጋኻ ጸጋኻ ሃበኒ /2/፡
ከም ፍቓድካ ከምላልሰኒ፡

4. ኣብ ጊዜ ንእስነት ፡ ኣብዛ ዕሽል ዕድመይ፡
ብኹሉ ሓይለይ ብኹሉ ፍልጠተይ፡
ኩሉ ፍቓደይ ኩሉ ዝብሎ ናተይ፡
ከውዕሎ ዕዮኻ ጸጋኻ ኣብዝሓለይ።

ጸጋኻ ጸጋኻ ሃበኒ /2/፡
ኣብ ዕዮኻ እሙን ክገብረኒ።

5.ኣብ ምስፋሕ ወንጌል ተጊሀ ከገልግል፡
ብምርካብ ብምስኣን ፡ ንስምካ ከኽብር፡
ከመስሎም ነቶም ናይ እምነት ጀጋኑ፡
ክርእዮ ስምካ ልዕሊ ኩሉ ኮይኑ።

<u>ጸጋኻ ጸጋኻ ሃበኒ /2/፡</u>
ኣብ ቅድሚ ክብርኻ ንምቛም ከኽእለኒ።

ሱ.ሃ

# <u>መዝሙር እምነት 231 ይሓልየለይ’ዩ</u>

1. ዘይዘርኣ ዘይዓጽዳ ኣብ ማዕከን ዘይእክባ፡
ኣዕዋፍ ናይ ሰማያት መግበን ካብ ረኺባ፡
ኣነ-ግዳ ምስሉን መልክዑን ዘሎኒ፡
ንምንታይ እጭነቕ ክኣምን ኣሎኒ፡
በቲ ዘፍቀረኒ፡

ተደጋሚ፡- እግዚኣብሄር ይሓልየለይ እዩ፡እቲ
ዘድልየኒ ኣብ  ምዱብ ግዜኡ፡ኣይስእኖን እየ
ኻብኡ “ክረኽቦ እየ ኻብኡ”፡

2. እቲ ዘፍቀረኒ ህይወተይ ዝገዝኣ፡
ኣይደኽሞን እዩ ኣብ መንጎ ድልየተይ ክይመልአ፡
ንኹሉ ሓልዮተይ ኣውድቖ ኣብ እግሩ፡
ምሕዩ ክድርብዮ ግድለይ ካብ ሱሩ፡
ብዘይልወጥ ሓይሉ።

<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. እቲ ተጻባኢ እንተ ኣጸልመተለይ፡

እንተመሰሎ ዙርያይ ረዳኢ ዘይብለይ፡
ኣብ ወሳኒት ሰዓት ኣብታ እትድለ፡
ደበኽ ይብል ኣቦይ ምድሪ ምስ ወልወለ፡
ኣሎኹ እናበለ።
*ተደጋሚ፡-*

4. እቲ ዝጽበዮ ዝደልዮ ካባኻ፡
ሞይቱ እዩ ኣይትድከም ተመለስ ሕድርኻ፡
ኢለ ምስ ለአኹሉ ልኡኽ ተሰፋ ቅብጸት፡
እመን-ደአ ኣይትፍራህ ትብል ድምጺ መጸት፡
ተበርትዕ ንእምነት።
*ተደጋሚ፡-*

5. ዝመጽእ መዓልታት እንታይ ከም ዝኸውን፡
ኣይፈልጦን እየ ሕጂ ናበይ ከም ዘብልውን፡
ግን ካብ ዝሓለፈ ዝፈልጦ ኣሎኒ፡
ንነፍሲ ድዩ ስጋ እቲ ዘድልየኒ፡
ኣቦይ ከም ዝህበኒ
*ተደጋሚ፡-*

6. ዕምበባታት መሮር ኣይደኽሙ ኣይፈትሉ፡
ከማታቶም ኣይተኸድነን ሰለሙን ምስ ክብሩ፡
ንሎሚ ተራእዮም ጽባሕ ዝድርበዩ፡
ካብ ሰለሞም ኣቦይ ንኣይውን ብሉጽ እዩ፡
ሓልዮቱ ብዙሕ እዩ።

# መዝሙር እምነት 232 መመሊሱ ዝድንግጻለይ

1. ካብ ድቕድቕ ጸልማት ናብ ዘገርም ብርሃን፡
ካብ ምዉት ህይወት ናብ ዘልኣለም ምድሓን፡
ንዘውጻኣኒ ኣምላኽ ዕረፍተይ፡
ድምጻይ ኣልዒለ ኤስመዖ ምስጋናይ።

ተደጋሚ፡- መመሊሱ ዝድንግጸለይ ዝበተንከዎ
ዝእከበለይ፡

ብደበሎ ዝኸድን ዕርቃነይ ፡
የሱስ ኣሎኒ ዘሕድስ ሓይለይ፡

2. ብገዛእ ድልየተይ ንሞት መሪጸ፡
ከኸይድ ናብ ጥፍኣት ህይወት ረጊጸ፡
ትኺድ ዘሓደጋ ናብ ገሃነም ነፍሰይ፡
ይመስገን የሱስ ከዳን ዕርቃነይ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ሓሳባት ልበይ ኩሉ ሃቐናይ፡
ምስኡ ጽልኢ ኸሎ ኩሉ ተግባራተይ፡
ኣብዚ ከምዚ እዩ ዘድሓና ንነፍሰይ፡
ሃብታም ብምሕረት ብሩኽ ኣምላኸይ።
*ተደጋሚ፡-*

4. ቆይመ ከዝምር ኣብ ማሕበር ቅዱሳን
ብዜማ ከውርዮ እቲ ናይ ኣምላኽ ምድሓን፡
ከዲንዎ ጉድለት ድኻመይ፡
ኣየርኣዮምን ንጸላእቲ ነፍሰይ፡
*ተደጋሚ፡-*

5. ብወዱ ኣሚነ ምእንቲ ኸድሕን፡
እምበር ምስዛ ዓለም ምእንቲ ከይኩነን፡
ክሳዕ ሞት ወዱ ንዘፍቀረኒ፡
ውዕለቱ ከገልጽ ዓቕሚ ይንእሰኒ።
*ተደጋሚ፡-*

# መዝሙር እምነት 233 ዓቢ'ዩ ተስፋና

1. ከም ክርስትያን ኬንና መከራ ንጻግብ ዘሎና፡
   ንኣምላኽ ነመስግኖ ስለ ስሙ
   ክንሓስር ስለ ዘብቅዓና፡
   ምእንቲ ስም ክርስቶስ እንተ ተጻረፍና፡
   'ቲ ናይ ክብሪ መንፈስ ይሓድር ኣባና።

*ተደጋሚ* ዓቢ'ዩ ተስፋና ዓቢ'ዩ ተስፋና፡
ናይ የሱስ ዝኾና ዓቢ ተስፋ'ሎና።

2. ዓይኒ ዘይረኣየቶ እዝኒ ብዛዕባኡ ዘይሰምዐት፡
   ኣብ ልቢ ሰብ ኣይተሓስበን እቲ ዝተዳለወልና በረኸት፡
   ስለዚ ብፍርሃት ኣምላኽ ቅድስና እናመላእና፡
   ንመላለስ ኣብ ዓለም ከም ከዋኽብቲ ደሚቕና።
   *ተደጋሚ፡-*

3. ኣብ ሰማይ ኣብ ቤት ኣቦ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ ዝበለና፡
   ክወስደና ክምለስ'ዩ ኣብቲ ንሱ ዘለዎ ከዕርፈና፡
   መልህቓ ዝሰደደት መርከብ ባሕሪ ኾንና፡
   ንጸበዮ የሱስና ስፍራና ከይሓደግና።
   *ተደጋሚ፡-*

4. ዘኽታማት ኬንኩም ኣይሓድገኩምን'የ ዝበለና
   ከምቲ ቃል ተስፋኡ ብመንፈስ ይመላለስ ኣብ ማእከልና፡
   ስለዚ ንነብር ንልብና ኣህዲእና፡
   በቲ ዘፍቀረና ንኹሉ እናሰዓርና።
   *ተደጋሚ፡-*

5. ከይዱ ድማ ኣሎ ስፍራ ከዳልወልና ኣብ ሰማይ፡
ኪምለስ ድማ'ዩ ንመርዓቱ ከዕርፋ ካብቲ እኩይ፡
ከም ዘመን ኖህ ብዙሓት ኣብ ምድሪ ኪተርፉ፡
ናይ ጎይታ የሱስ ግና ናብ ሰማይ ኪሓልፉ።
*ተደጋሚ፦*

# መዝሙር እምነት 234 መዲበ እየ

1. ነቲ ዝሞተለይ ብሩኽ መፍቀሪየይ፡
ብሕስራን ሓሊፉ ዘብዘሐ ክብረተይ፡
ከጸብቐ ዓስበይ ዝገደፈ ክብሩ፡
መታን ከገልግሎ እስዕብ ኣሰሩ።

ተደጋሚ፦ መዲበየ/2/ ንየሱስ ከገልግሎ መዲበየ።
ንዓለም ንዒቐ ፡ ኣብ ፍቕሩ ጠቢቐ፡
ክመላለስ ምስኡ መዲበየ።

2. መደበይ ጌረየ ከገልግል ንኣኻ፡
ክሕጎስ ብምርኣይ ዘገርም ስራሕካ።
ከመስግን ብመዝሙር ምስቶም ቅዱሳንካ።
ከውርዮ ኣብ ዓለም ዛንታ ናይ ፍቕርኻ።
*ተደጋሚ፦*

3. እተኸለን ኣዒንተይ ኣብ ግኑን ፍቕርኻ፡
ክሳዕ ትቕበላ ነፍሰይ ኣብ ሕቑፊኻ።
ኣይኣቱን ምስ ዓለም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ፡
ኣምላኽ እዩ ዕጫይ እቲ ሃብታም ብጸጋ።

*ተደጋሚ፡-*

4. ኣብ ባህ ዘብል ቦታ ዕጫ ካብ በጽሓኒ፡
ካብ ጸወዐ ነዓይ ከም ሰብ ቆጺሩኒ።
እህቦ ህይወተይ ንበይኑ ክብሕታ።
ብዘይ ተጫራቲ ባዕሉ የሱስ ጎይታ።

*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 235 ኣሓድነ ኩሉ ናተይ

1. ጸገመይ ከቃልል ከርሕቕ ስእነተይ ግድል ስድራ ቤተይ፡
ዓሳ ክሕዘሉ ኣብ ገምገም ባሕሪ ደርብየ መርበበይ፡
ዓሳ ኣይረኸብኩን ዘይተጸቤኹዎ ርስሓት ኣኪቡለይ፡
ክሓጽብ መርበበይ መሊሰ ክሰርሕ ጻዕሪ ኣግዲዱለይ።

*ተደጋሚ፡-*

ፍልጠተይ ክእለተይ እሓድጎ ኩሉ ናተይ፡
ኣእዳወይ ኤልዕል ክዕጠቕ ሓይልኻ፡
ምባል መሃረኒ ይኹን ከም ፍቓድካ።

2. ልበይ ዝምነዮ ምእንቲ ክረክብ፡ ለይቲ ምሉእ ጽዒረ፡
ሓይለይ ጥበበይን ኣብ ዘይጥቀመሉ ከንቱነት ኣውዒለ፡
ዝሓዝኩ የብለይን ጥርሑ'ዩ መርበበይ ጥርሑ'ዩ መርበበይ፡
ግና እድርብዮ ብቓልካ መምህረይ ኩሉ ክመልኣለይ።

*ተደጋሚ፡-*

*3.* ካብ ጃልባ ወሪደ እሓጽብ መርበበይ፡ እሓጽብ መርበበይ፡
ረብሓ ስኢነሉ፡ ተስፋ ኣቑሪጹኒ፡ ስራሕ ገዛእ ርእሰይ፡
እንተ ብሂግካያ ብቕዕቲ ኢልካያ፡ ንመርከብ እምነተይ፡
ክትከብር ንስኻ ንኽቡር ዕዮኻ እውፈ ህይወተይ።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

*4.* ኣዕሚቐ እኸይድ ናብ እትመርሓኒ ናብ እትመርሓኒ፡
ካብ ዓለም በቲኸ ገመድ ዝሕዘኒ፡ ድሕሪት ዝመልሰኒ፡
መስፈረይ መሊኡ፡ መሊኡ ክሰፍሕ፡ ናብ ዓለም ክውሕዝ፡
ከዕርፎ ንጭኑቕ ከልብስ ንዕሩቕ ከተርክስ ንድሩቕ።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

*5.* ንህያብካ ርእየ ንርእሰይ እንዕቅ ተደፊኤ እንሳሕ፡
ኣብ እግርኻ እሰግድ ክሰምዕ ድምጽኻ ዝብለኒ ኣይትፍራህ፡
ገፋፍ ሰብ ክትከውን ዝሕብር መለኸት ናይ መገዲ ምድሓን፡
ሕራይ እስዕበካ ንኹሉ ሓዲገ ከም ጴጥሮስ ኣነውን።

*<u>ተደጋሚ፡-</u>* *ዑ.*